# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.141 | ረቡዕ 12 ለካቲት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 — ጋዛ ክትህነጽ ህዝባ ጠቕሊሉ ይግዕዝ' ትረምፕ





ገጽ 3 — ንዘኻኽርዶ


ገጽ 4 — ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ...





ገጽ 5 — ዓንኬል ሓሳባት





ገጽ 11 — ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና...




## ኤርትራ፥ ኣብ ኣህጉራዊ ፈስቲቫል ባህልን ጥበባትን ህንዲ ትሳተፍ ኣላ




ኤርትራ፥ ብ7 ለካቲት ኣብ ዝተኸፍተ መበል 38 ዓለማዊ ፈስቲቫል ባህልን ጥበባትን ህንዲ 2025፡ ትሳተፍ ኣላ።

ኣብዚ ካብ 51 ሃገራት ዝተዋጽኡ ጉጅለታት ያታዊ ባህልን ጥበባትን ዝሳተፍኦ ዘለዋ ፈስቲቫል፡ ጉጅለ ሃገራዊ ባህሊ 'ስብራት' ንያታዊ ባህልን ብዙሕነትን ብሄራት ኤርትራ ዘንጸባርቕ፣ ካብ ተዓዘብቲ ኣድናቖት ዝረኸበ መሳጢ ምርኢት ኣቕሪቡ።

ኣብቲ ምርኢት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ረፓብሊክ ህንዲ ኣቶ ኣለም ጸሃየ ተረኺቦም ነይሮም።

ዕላማ ናይዚ ክሳብ 23 ለካቲት ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ዝቕጽል ኣህጉራዊ መድረኽ፡ ሓደጋ ምህሳስ ዘጋጥሞ ዘሎ መበቆላዊ ጥበብ ወርሓ፡ ዓዲ ፍርያት ያታዊ ኢደ-ጥበባት፡ ባህላዊ ሳዕሳዒት፡ ክሽና መግብን ኣልባሳትን ምልላይ ኩይኑ፡ ዓመታዊ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን በጻሕቲ የኣንግድ።

እዚ ፈስቲቫል፡ ዓመታዊ ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ጉዳያት ወጻኢ፡ ቱሪዝምን ባህልን ረፓብሊክ ህንዲ ተወዲቡ ዝቐርብ ኮይኑ፡ ብደረጃ ዓለም ዝፍለጡ ጉጅለታት ያታዊ ትሕዝቶኦም ዘቕርብሉ መድረኽ'ዩ።

ኤርትራ፡ ኣብ ለካቲት 2023 ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ኣህጉራዊ ፈስቲቫል ባህልን ጥበባትን ህንዲ ተሳቲፋ ምንባራ ዝዝከር'ዩ።

## ሳዋ - ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ 'ባህላዊ ቅነ ተመሃሮ' ኣካዪዳ

ኣብ ሳዋ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ፡ ብ8ን 9ን ለካቲት ፍልጠት-ብጠቕሱ፡ ከምኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት ዝሓቖፈ ቅነ ተመሃሮ ኣካዪዳ።

እቲ መደብ መዘዞሚ ናይ'ቲ ካብ ወርሒ መስከረም ብብዙሕ ክፍልታት ዝጸንሐ ንጥፈታት ከምዝኾነ ዝሓበረ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ተኾመ መሓሪ ኣብ 2ይ ፍርቂ-ዓመት - ብልሓት፡ ፈጠራውነት፡ ዕቑር ክእለትን ዓቕምን ተመሃሮ ዝፍትሽ ውድድር ደምጺ፡ ያታዊ ትልሂት፡ ቅጽበታዊ ግጥሚ፡ ሓጺር ዛንታን ድራማን ብምውሳኽ፡ ብሓፈሻ 15 ዓይነት ውድድራት ከምዝተኻየደ ኣረዲኡ።

ንዕላማኡ ክገልጽ ከሎ ድማ፡ ተመሃሮ ዝነብርዎን ብቕዓቶምን ዘንጸባርቑሉ ባይታ ምፍጣር፡ ስፖርታዊ ተመክሮ ምልውዋጥን ምምልላእን፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ውድድርን ዕብየትን መንፈስን ምስራጽ፡ በዚ መንገዲ'ዚ ድማ ሓድነት ተመሃሮ ምድልዳል ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ መምህር ርእሶም ጉብረሂወት ኣብ ዝሃቦ መዘዞሚ ቃል፡ ሳዋ ንኹሉ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ባይታ ኣካላዊ ጥንካሬ፡ ኣእምሮኣዊ ብስለት፡ ከምኡ'ውን ምስጥጋር ባህላዊ ወርሻን ታሪኽን ከምዝዀነት ብምግላጽ፡ እቲ መደብ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብትሕዝቶን ዓይነትን እናሰፍሐ ይመጽእ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

## ገዲም ተጋዳላይ መሓሪ መሰል ተሰዊኡ



ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ተኣላዪ ስንኩል ዝነበረ ገዲም ተጋዳላይ መሓሪ መሰል ጉብረማርያም፡ ብ9 ለካቲት ኣብ መበል 63 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መሓሪ መሰል፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ መሓሪ፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ 2 ደቒን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ ብ10 ለካቲት ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት መንደፈራ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ኣባሉ ተጋዳላይ መሓሪ መሰል ጉብረማርያም ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምነ።

## መሪር ፈውሲ

ምልሶት ፕረዚደንት ትረምፕ፡ ሰረተ'ልቦ ትጽቢት ፈጢሩ፡ ግንያ ንምርካበን ኣቓልቦ ንምስሓበን ዝጸንሐ ሸበድበድ ብኣንክሮ ተዓዚብና። ብኣንጻሩ ዓለምና ዘይተለምደ ፕረዚደንታዊ ትእዛዛት ትሰምዕ ኣላ፡ ሓደ ካብኡ፡ ናይ ብልሽዋትን ገበናታትን ትካል ብዝብል መንደራጋሕ ዘለፉ፡ ዩኤስኤይድ (USAID) ንምዕጻው ክዕጾ ምውሳኑ እዩ።

እዚ መርድእ'ዚ፡ ንሓያሎ ብሰዓቢ (Injection) ዝወሳወሱ መንግስታት፣ ሰቓይ ኣህዛብ ዝዋጊኡም ገስንን ካብኦም ዝድረሩ ሽርሻሮ ሚድያን ኣባህሪሩ ኣሎ። "ድኻታት ሃለቑ!" ዝብል ዋይታ ድማ፡ ከቡዲ ዝበልዕ ሰእሊ ኣሰንዩ ዓውታኡ ወሲኹ። እዚ ጫውጫው'ዚ ዘርመሞ ሓደ ካብ መራሕቲ ኣፍሪቃ ነበር፡ "ኣመሪካ እኮ ሃገርኩም ኣይተኾትን፣ ስለምንታይ መሪት ኣለኩም፡ ኣፍሪቕኩም ኑበሸሹም ርድኡ" ክብል ጊሒሑ።... ክውሓጥ ዘለዎ መሪር ፈውሲ'ዩ። "ልዕላውነት መግቢ ዘየረጋግጹ ልዕላውነት ኣለኒ ክብል ኣይክእልን" ይብል ቱኒዚያዊ ፕሮፌሰር ሰዒቐጠበ ፋድል ካቡቡ።

***

"ዝበዚ ህበይ ይጉብር . . . ካብ ሰብ ዝደሊ ከም ሳእኒ ደበሊ" ፍሉጥ ምስላና'ዩ። ንጌጋ ባህልን ህርኩትናን ህዝብና ዝገልጽ ድማ'ዩ። እቲ ህቡብ መትከል ህዝባዊ ግንባር 'ርእሱምርኮሳ' ሓደሽ ምህዞ ዘይኮነ እዚ ክቡር ባህሊ'ዚ ዝሰረቱ እዩ። 'ርእሱምርኮሳ' ሕልናዊ ደገፍ ምጽያን ማለት ኣይኮነን። ንኣኽእሊ (enabling) ደገፍን ሽርክነትን 'መርሓባ!'፣ ብኣንጻሩ ንመልመሲ ዓቕሚ፣ መዕለሚ ብልሽውና፣ መጋበርያ ሽርሒ፣ ኮታ እኩይ ዛዕባ ንዘተሓንገጠ ትኻቦ 'ይፍትሓላ' ምባል እዩ።

ካብ እዋናት ሓደ ቅንያት፣ 'ንህዝቢ ኤርትራ እኽሊ ተመጥይሉ፡ መንግስቲ ምቕባል ኣብዩ' ተባሂሉ፡ ዛዕባ ገስገስ የዋሃት ተፈጊኖ ኮይኑ ምቕናዩ ኣይርሳዕን። ህዝቢ ኤርትራ ብቕሎዕ ሕልና ንዘድግፎ ባቡ ወትሩ ርሒው እዩ። ሽዑ ግን ኑቲ ኣገምጃዊ ረድኤት' "ክብረት ይሃበልና! ኩብድና ምዕንጋል ኣይጽግመናን'ዩ" ኢሉ መለሰሉም። ስለምንታይ? . . ሎሚ እንታይነት ናይዞም ትካላት ንኹሉ ተጋሂሩዎ ስለዘሎ - መልሲ ኣብኡ ኣሎ።

<u>***ኣእምሮ ከውስዱ ዝግባእ ሕቶታት፥***</u> ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚሩ፡ ናብ ኣፍሪቃ ዝውሓዘ ረድኤትን ሓገዝን እልቢ የብሉን። ኣብ ልምዓት እንታይ ስጕምቲ ሓዲጉ? ዕላማ'ዚ ልግሲ'ዚ ጸገማት ንምቕላል ደዩ ነይሩ ንምርባሕ? ዝኒ ብርኩት ልግሲ'ዚ ብዘይ-ሸታ ዝውሓጠ ጋህሲ እንታይ'ዩ? ኣብ እዋን መግዛእቲ ንኤውሮጳ ትምግብ ዝነበረት ኣፍሪቃ፡ ድሕሪ ምቕንጣጥ መግዛእቲ ናብ ዝቖቐቲ ሰእኑትን ጥሜትን ዝተዋሕጠትሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ? ኣብ ምድሪ ኣፍሪቃ ተዘርዮም፡ ኣብ ምሩጽ ህንጻታት ኣቢያተጽሕፈት ደኮኖም ሽጉራት ኣብ ቴንዳታት ኣጕረን "ረድኤት ንዕድል ኣለና፣ ፕሮጀክት ኮይድ ኣለና" እናበሉ ዕቑዩት ዘውድኽድኻ ትካላት እንታይ ለዊጠን? ገበርቲ ሰናይ እንተኾይረን ስለምንታይ ኣኽእሊ ደገፍ እናሃባ ሰበት ኣፍረይቲ ክኾኑ ዘይሓገዛ?

<u>***ንምዝኽኻር ተወሳኺ ሕቶ፥***</u> ህዝቢ ኤርትራ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ልዕሊኡ ዝተጻዕነ ህድግላን ዘይብሉ ድርዳር እገዳታት፣ ቀለዕ ወረራ፣ ምዕንቃጽ ወፍሪን ልቓሕን ክሳብ ምሕናቕ ግብሪ ዲያስፖራ ዝበጽሖ ሰፍራ-ኣልቦ ሽርሒ ተጻዊሩ፣ ዋሕዲ መግቢን ጥሜትን ዘይብሉ ኩነት ዝፈጠረ፡ ካብ ዕንጋሎ-ማንካ (spoon-feed) ልምናን ዝተገላገለ ብኸመይ'ዩ? ዓመት መጺ ሚልዮናት ሰባት 'ኣፈፊት ሞት ረጊጾም-ኣፈርክቡ' እናተባህሉ፡ ኤርትራ ኣብ መስርዕ ተመጽወትቲ ዘይትርከ ስለምንታይ? ንደለይቲ ፍታሕ፡ ምንጪ ምርምር ክኾውን ዝኽእል፡ ቅኑዕን ዘላቕን ፍናት ዝእምት ሞዴል! ኣብ ከርሲ ኣፍሪቃ ኣሎ።

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ‘ጋዛ ክትህነጽ ህዝባ ጠቕሊሉ ይግዓዝ’ ትራምፕ

ኣብ 7 ጥቅምቲ 2023 ጀሚሩ ንኣስታት 460 መዓልታት ዝቐጸለ ኣብ መንን ሓማስን እስራኤልን ዝተኻየደ ውግእ ካብ ዝሃድእ ልዕሊ ክልተ ቕነ ኣሕሊፉ ኣሎ። ኣብ መንን ወከልቲ ክልቲኦም ወገናትን ሰብ መዚ ቐጠርን ዝሓለፈ ምምሕዳር ኣመሪካን ክግበር ብዝጸንሐ ልዝብ፣ ሰለስተ መድረኻት ዘለዎ ናብ ‘ኑሪ’ ምቁራጽ ተኹሲ ዘበጽሕ ስምምዓት ተበጺሑ ጸኒሑ።

ኣብ ባሕቲ መጋቢት ዝበቅዕ ቀዳማይ መድረኽ ምልውዋጥ እሱራትን ጅሆታትን እናተኻየደ እንከሎ ድማ፣ ነቲ ተኣፋፊ ምቁራጽ ተኹሲ ናብ ስግኣት ዘውድቕ ሓድሽ እማመ ካብ ሓድሽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ክስማዕ ቀጺሉ ኣሎ። ድሕሪ ምቁራጽ ተኹሲ ሓደ መዓልቲ መዘኻት ዝተረከበ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፣ ጋዛ ከም ብሓድሽ ክትህነጽ እንድሕር ኮይና እቲ ኣብኡ ዓጁ ዘሎ ህዝቢ ካብታ ግዝኣት ናብ ካልእ ሃገር ክግዕዝ ከም ዘለዎ ኣፍሊጡ ኣሎ። ብኢጋጣሚ ወይ ብዕላል ዝዘረበ ናይ ወዚቢ ዘረባ ኣይነበረን። ትራምፕ፣ ነብርቲ ጋዛ ናብ ካልእ ክግዕዙ ከም ዘለዎም ደጋጊሙ ክገልጽ ተሰሚዑ እዩ።

ብመሰረት እቲ ኣብ መንን ሓማስን እስራኤልን ዝተኻየደ ምልውዋጥ እሱራትን ጅሆታትን ሳልሳይ መደረኽ ናይቲ ስምምዑ፣ ጋዛ ከም ‘ብሓድሽ ክትድኮን’ ዝበል ሓረግ ነይሩዎ። ምኽንያቱ ኣስታት 70 ሚእታዊት ኣባይቲ ናይታ 2.3 ሚልዮን ህዝቢ ዝበረላ ግዝኣት ኣብቲ ክቕየድ ዝጸንሐ ውግእ ፈሪሱ መበዝሕትኡ ከተማታት ናብ ኩምራ ዑናታት ተቐይሩ እዩ።

ሓይሊ ምክልኻል እስራኤል ብዘሆ መጠንቀቕታ ካብ ከተማ ናብ ከተማ ክምዝበል ዝጸንሐ ህዝቢ፣ ድሕሪ እቲ ምቁራጽ ተኹሲ ኣባይቱ ናብ ዝነበሮ ክምለስ እኳ እንተፈተነ ፍርስራስ ጥራይ እዩ ጸኒሕዎ። ስለዚ ከምቲ ንሓያሎ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ግዜ ግጭት ኣባይቲ ክፍኑ እንከሎ ብጉዝበረ ሰናይ ሃገራት ኣዕራብን መሻርኽቲ ሃገራትን ክቕየድ ዝጸንሐ ጉዝውቲ ፍልስጤማውያን ናይ ምህናጽ መደብት እውን ብተመሳሳሊ ክቕየድ ከም ዝኽእል ናይ መብዝሕትኡ ግምት እዩ ነይሩ። ብመሰረት ሓድሽ ሓሳብ ፕረዚደንት ኣመሪካ እምበኣር ግዝኣት ጋዛ ክትህነጽ እንድሕር ኰይና ኣብኣ ዝነበሩ ፍልስጤማውያን ናብ ካልኦት ሃገራት ክግዕዙ ከም ዘለዎም ኣፍሊጡ ኣሎ።

ድሕሪ እዚ ናይ እሱራት ምልውዋጥ ክልተ መድረኻት፣ ዳግመ ህንጻ ጋዛ ክቕየድ ተስፋ ዝተገብረሉ ሳልሳይ መድረኽ ምቁራጽ ተጻብኦ ከይተጀመረ እስራኤል ውግእ ክትከፍት ከምእትኽእል ካብ ናይ ትራምፕ ቃላት ምርዳእ ይከኣል። ምኽንያቱ ውግእ ምስ ተወደአ ህዝቢ ጋዛ ካብታ ግዝኣት ክግዕዝ ከም ዘለዎ እዩ ትራምፕ ዝገልጽ ዘሎ። እስራኤል ንግዝኣት ጋዛ ምስ ተቘጻጸረታ፣ ንኣመሪካ ከም እተረክበ፤ ኣመሪካ ነታ ግዝኣት ናብ ዘርም ዘመናዊ መሳሕቦ በጺሕቲ ሃገር ከም እትቐይራን የረድእ። ካብ ዓዶም ግዱዳት ዝጸንሑ ፍልስጤማውያን ጋዛ ኸኣ ናብ ዓዶም ክምለሱ ከም ዘኽእሉ ሓሳባት ትራምፕ ይገልጽ። ስዑዲ ዓረብ ተቓዊሞቶ ደኣ እምበር፣ ህዝቢ ጋዛ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ክሰፍር ዝኣምት ሓሳብ ትራምፕ ኣቕሪቡ ነይሩ።

ሎም ቅነ ናብ ኣመሪካ መገሻ ኣካይዱ ምስ ትራምፕ ዝተራኸበ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናትናያሁ ዝ ናይ ትራምፕ ርእይቶ ደጊፍዎ ኣሎ። እዘን ክልተ መድረኻት ምልውዋጥ እሱራት ምስ ተወደኣ፣ ፍልስጤማውያን እውን እንታይ ይጽበዮም ከም ዘሎ ኣይፈለጡትምን። ናይ ሃገራት ኣዕራብ ቀጨውጨውታ እሞ ኣብዚ ዘርዝርካ ኣይወዳእን።

እስራኤል ንፍልስጤማውያን ጋዛ ክትሰጉግ እንድሕር ኮይና ብቑዳምነት ንሓማስን ካልኦት ዕጡቓትን ክትደምስስ ኣለዋ። ኣስታት ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ተኸላኺሉ ካብ መትረብት ወጺኡ እሱራት ዝለዋወጥ ዘሎ ሓማስከ ኣብ ዝቕጽል ውግእ እስራኤል ክትደምስሶ ትኽእል? ኣብ ዝሓለፈ ውግእ ኣገዳ ከምእተዳኸመን ምኩራት መራሕቲ ከም ዝሰኣነን ኣይሰሓቶን። ኣብ ዝቕጽል ውግእ፣ ወተሃደራዊ ሓይሉ ካብ ዘለዎ ንታሕቲ እንተደኸመ እውን እቲ ኣብ ህዝቢ ሰሪጹ ዘሎ ዕላምኡ ክጠፍእ ይኽእል ዶ?

ህዝቢ ካብ መበቆሉ ኣግዲዝካ ናብ ካልእ ሰፍራ ምምዛብል ሕጂ ዝጀመረ ሓድሽ ስልቲ ኣይኮነን። ባቢሎናውያንን ኣሶራውያንን ሓያላት ኣብ ዝነበሩሉ ቅድመ ልደት ክርስቶስ ኣብ ዝነበረ ዘበናት ንህዝቢ ማእከላይ ምብራቕ ናብ ካልእ ሃገር እናወሰዱ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ከኣ ካልኦት ህዝብታት የተኣታትዉ ነይሮም። ግብሪ ምኽፋል ንዘኣበዩ ኣሸገርቲ ሃገራትን ኣብ ትሕቲኦም ዝነበሩ ህዝብን ጸራሪኖም ይወስዱ ነይሮም። ቅድሚ ነቲ ዓመጽ እናኣብጋሽ ዘሸግር ህዝቢ ጸሪኖም ምውሳዶም ግና ንከተማታትን ዓድታትን ኣንዲዶም ኣባይቲ ኣፍሪሶም ዒላታት ደፊኖም ግዳም ሓደር ይገብርዎ ነይሮም። ኑቶም ቀንዲ ሳዕለዎት መራሕቲ ኸኣ ይቕትሉ እሞ ህዝቢ ሽም ከም ዘይብሉ ንህቢ ኣንፈቱ ኣጥፊኡ ቀባሕባሕ ይብል። ናብ ዝወሰድዎ ኸኣ ይብተን።

ካብ ግዝኣት ጋዛ ኣንጻር እስራኤል ክቢጋስ ዝጸንሐ ተደጋጋሚ ዕጥቃዊ ናዕቢታትን (ኢንቲፋዳታት)፣ ከምቲ ኣብ 7 ጥቅምቲ ናይ 2023 ዕጡቓት ፍልስጤማውያን “ማይ ኣይሂ” ኢሎም ዝሰመይዎ ወተሃደራዊ ስርሒት ንሓዋሩ ከይድገም እንተ ተደልዩ እንታይ ክግበር ኣለዎ ይብሉ መራሕቲ እስራኤልን ደገፍቶምን? ኣብታ 10x40 ኪሎሜተር ጥራይ ስፍሓት ዘለዋ ጸቢብ ግዝኣት ኣብ ዝርከብ ከተማታት ዝነበረ መንበሪ መበዝሕትኡ ኣባይቲ ስለ ዝፈረሰ ፍልስጤማውያን ይትረፍ ዶ ወተሃደራዊ መዓስከር ክደኮኑስ መሕደሪ እውን የብሎምን። ነቲ ‘ማይ ኣይሂ’ ዘበገሱ ሳዕለዎት ወተሃደራውን ፖለቲካውን መራሕቲ እውን ተቐንጺሎም እዮም። እቲ ናይ ጥንቲ ኣራታዊ ኣብነት (ፎርሙላ) ድማ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ኣብ ዝቕጽል ወርሓት ከኣ ዝፍጠር ምዕባለታት ክረአ እዩ።



## ሃሳስ መስመራት ዝበዝሖ ሰለስተ መድረኻት ምቁራጽ ተኹሲ

ብመሰረት ስምምዑ ቀዳማይ መድረኽ ምቁራጽ ተኹሲ ወርሕን ክልተ ቕነን ዝወሰድ ኮይኑ፣ ፍልስጤማውያን 33 ተጨወይቶም ዝጸንሑ ጉጅለ እስራኤላውያን ክፍንዉ እዮም። እስራኤል ከኣ ንሕልፈት ተፈሪዶም ካብ ዝጸንሑን ኣብዚ ውግእ ካብ ዝተጨወዩን ብኣማኢት ዝቖጽሩ ፍልስጤማውያን ክትፍቱ እያ። ሰራዊት እስራኤል ከኣ ካብ ውሽጢ ጋዛ ወጺኡ ኣስታት 700 ሜትሮ ካብ ዶብ እስራኤል ርሒቑ ክዕስክር እዩ። ረድኤት ዝጸዓና መካይን ናብ ሰሜን ጋዛ ክኣትዋ እውን እቲ ስምምዕ የፍቅድ። መዓልታዊ ክሳብ 600 ረድኤት ዝጸዓና በጣሓት ክኣትዋ ይኽእላ። ቀዳማይ መድረኽ ስምምዕ ድሕሪ ምፍጻሙ ኣብ ውሽጢ 50 መዓልታት ሰራዊት እስራኤል፣ ንጉዝበጽን ጋዝን ካብ ዝፈሊ መሕለፊ ፊላደልፊያ ካብ ዝበሃል መስመር ጠቕሊሉ ከም ዝግዕዝ እቲ ስምምዕ ይጠቅስ።

ዝርዝር ናይ ካልኣይን ሳልሳይን መድረኽ እቲ ስምምዑ ከምቲ ናይ ቀዳማይ ንጹር ኣይኮነን። ቀዳማይ መድረኽ እናተኻየደ እንከሎ ብዛዕባ ካልኣይ መድረኽ ክላዘቡ ከም ዝኾኑ ተሓቢሩ ነይሩ። ኣብ ካልኣይ መድረኽ ሓማስ ዝጨወዮም ወተሃደራት እስራኤል ክፍቱ እስራኤል ድማ ብኡ መንጽር ብዙሓት ፍልስጤማውያን እሱራት ክትፈትሕ ትጸቢት ይግበር።

ኣብዚ መድረኽ እዚ ምስ ፍልስጤማውያን ዝርከቡ እሱራት እስራኤላውያን ኩሎም ከም ዝፍትሑ ትጸቢት ይግበር። እስራኤል እውን ካብ ምድሪ ጋዛ ጠቕሊላ ከም ትወጽእ ይግለጽ። እስራኤል ካብ ጋዛ ክትወጽእ እንድሕር ኮይና ድማ ብኸበነ ደገፍ ክረክብ ኣለዎ። ኣብቲ ካበነ ሕሉፍ የማናዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ተረርቲ ዓቃባውያን ካብ ጋዛ ምውጻእ ክቃወሙ ይኽእሉ።

ካልኣይ መድረኽ ብሰላም እንድሕር ተሰጊሩ፣ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ድማ ኣብዚ ውግእ ናይ ዝሞቱ ጅሆታት ኣስከሬን ናብ እስራኤል ይምለሱ፣ ጋዛ ኸኣ ኣስታት 5 ዓመታት ዝወስድ ዳግመ ህንጻ ትጅምር። እዚ 3 መድረኻት ምስ ተወደአ ጋዛ ከም ቀደማ ብሓማስ ክትመሓደር ዘሎ ተኽእሎ ግን ትሑት እዩ።

ዝ ምቁራጽ ተኹሲ ምስ ግዝጽን ቀጠርን ኩይኑ ዝሓለፈ ዝሓለፈ ምምሕዳር ኣመሪካ፣ ዓለም ለኻውያን መሻርኽቲ ዝተሳተፍዎ መሲጋሪ ምምሕዳር ክምስረት ከም ዝኽእል ኣሚቱ ነይሩ። ሃገራት ዓረብ ብፍላይ ስዑዲ ዓረብ ድማ ናብ ፍታሕ ክልተ ሃገራት ኣብ ዘምርሕ ስምምዕ እንተዘይበጺሖም ከም ዘይትሳተፍ ኣፍሊጣ እያ። ክልተ ልኡላዊ ሃገራት እስራኤልን ፓለስታይንን ተመሳሪሖን ሓንቲ ነታ ካልእ ኣፍልጦ ክትህብ ኣብ 1990 ኣብ ኦስሎ ኣብ ዝተጉብረ ዓለም ለኻዊ ዋዕላ ወከልቲ ክልቲኦም ወገናት ተሰማሚዖም ነይሮም። ብመሰረት ስምምዕ ኦስሎ፣ ከተማ ራማላህ ማእከል ገይሮም ፍልስጤማውያን ኣብ ምዕራብ ገማግም ምምሕዳር መስሪቶም። ንስምምዕ ኦስሎ ዘይድግፍ ሓማስ ዝተባህለ ሓይሊ ድማ ኣብ ጋዛ ብምርጫ ምስ ተዓወተ ነቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ሰጒጉ ንጋዛ ተቘጻጺሩ።

ሓማስ፣ እስራኤል ክትድምስስ ትኽእል እያ ኢሉ ስለ ዝኣምን ብጅካ እቲ ብሰራዊቱ ዝካየድ ናይ ድብያ መጥቃዕታታት፣ ንዕላማኡ ዝድግፉ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝተሳተፉሉ ዓለም ለኻዊ ወተሃደራዊ ክተት ክሰሕብ ከም ዝኽእል ተስፋ ገይሩ ነይሩ።

ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል መጥቃዕቲ ኣካይዱ ኣስታት 1200 እስራኤላውያን ምስ ቀተለ፣ 200 ዝኣኽሉ ሰላማውያንን ወተሃደራት እስራኤልን እውን ጨውዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ እቲ መጥቃዕቲ ፖለቲካዊ መራሒ ናይቲ ውድብ ዝነበረ እስማዒል ሃኒያ ንወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ሓማስ ምስ ኣዘዘ “የሩሳሌም፣ ሃገርናን ህዝብናን እሱራትናን ሓራ እነውጽኣሉ ኩናት ጀሚርና ኣለና” ኢሉ ነይሩ። ምሉእ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ህዝቢ ኣብቲ ውግእ ክሳተፍ እውን ጸዊዑ ነይሩ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቀ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጾ. 1284

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ንዘኻኽርዶ

*26 ታሕሳስ 2024*

ከረን

ሓዳስ ዓመት ከም ኵለን ዝሓለፋ ዓመታት፡ ብፍላይ ከምዛ ብርኽቲ ዓመት 2024፡ ክትኩነለይ ትምኒተይ ዘሰነየ ፊደላት ውሽጠይ ኣብ ከርስኺ ተዘሪኦ ኣሎ። ደጋጊመ እናኽሽፍተኪ ናይ ዓመት ዝኸረይ ብዘይ ብቑ ክትልግስለይ ግርም ኢና ቀኒና። ዑቕባ ምስጢረይ ዝኾንኪ ሳንዳይ፡ ኣብዚ ዓመት ካብ ዝሰነድክዎ ዝኽርታተይ እቲ ብድምቀትን ብብዝሕን ዝርአ፡ ምፍልላይን ዝፈጥረለይ ስምዒትን እዩ። መቸም ምፍልላይ ከመይ ከም ዝገብረኒ ነጋሪ ኣየድልየክን እዩ።

እቲ ምፍልላይሲ ደለ ምኾነ፣ ከምዚ ኣነ ወትሩ ንዓኺ ዝዝክረኪ ‘እቶም ዝተፈላለናስ ንዘኻከርዶ’ ኢለ እየ ዝሓስብ ዘለኹ። ሳንዳይ መስርሕ ህይወት ከም ሓደ ግኡዝ ነገር ኣብ ሓደ ዝቐውም ከም ዘይኮነ እፈልጥ እየ። ካብ ዕለት ትውልድና፡ ክሳብ ናይ ዓለም ስንብታና ሓደሽቲ ነገራት እናረኣና፡ እናተራኸብና፡ እናተፈላለና፡ እናኽሰብና፡ እናኽሰርና፡ እናሰሓቕና፡ እናነባዕና ኮታስ መስርሕ ምንባርና ዝሓተቶ ጠለብ እናኣማላእና ንምርሽ። እቲ ጽቡቕ ነገር ድማ ከከም ኣመጻጽኡ ንቕበሎ’ሞ ሪዒምናዮ ንኸይድ። ኣብዚ ኹሉ ንጥፈት ህይወትና ምስ ከማና ዝነብሩ፡ ዝሞቱ፡ ዝህልው፡ ዝፍለዩ ሰባት ንላለ። ሌላና ዝመቀረ ክንገብሮ ንጓየ፣ ንጽዕር፣ ንዕወት። እንተኾነ፡ ምፍልላይ ብዘይ ፍቓድ ይመጽኣና። ዕረ እናጠዓመና ምስ ካዕቦ ንብዓት”ኣይንረሳሳዕ” ዝብል መጸናንዒ ቃላት ነዘውትር።

ሓቀይ እንዴ ሳንዳይ! ዋላ ምሳኺ ክፈላለ ከለኹ ኣይርስዓክን እየ፣ “ምስ ጸብጻበይ ክምለሰኪ እየ፡” እናበልኩ እየ ዝፍለየኪ። ሳንዳይ ምፍልላይ መዕቀኒ እንተ ዝህልዎ ክንዲ ምንታይ ኮን ምኾነ። ልክዕ ሕጂ ዝሰምዓኒ ዘሎ ስምዒት እቲ ቀዋሚ ናይ ምፍልላይ ስምዒት እዩ። ምሳኺ’ውን ምፍልላይና እዩ። ክጠልመኪ ግን ኣይኮንኩን፣ ከሕድሰኪ ስለ ዝደለኹ እየ። ገሪሙኪዶ? በሊ ናብ ጉዳየይ ክምለስ። ቃንዛ ምፍልላይ ኣብ ውሽጠይ ዘለዎ ዓቕን ሓሊፉ፡ ኣድማስ ክቃጸጽ ዝደለየ ክመስል ስፍሓቱን ርዝነቱን እናወሰኸ ብስእነት ቀሳነት እሕመስ ኣለኹ። ሓደ ስሙ ዘይዝክሮ ጸሓፊ ትርጉም ምፍልላይ ክገልጽ ዲዩ፡ ወይስ ምፍልላይ ዝፈጠሮ፡ ዓበይቲ ስምዒታት ኣካላትና ክቕስቀሱ ከም ዝኽእሉ ክገልጽ ደልዩ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፣ “ትማሊ ዝነባዕናዮም ሎሚ የስሕቑና፣ ትማሊ ሓቢርና ዝሰሓቕናዮም ድማ ሎሚ የንብዑና፡” ክብል ምፍልላይ ዝፈጥሮ ዝኸሪ ከርእየኒ ፈቲኑ እዩ። ኣብ ውሽጠይ ነዛ ኣበሃህላ ከቲተ፡ ነቲ ስምዒታት ክትንትኖ ክኢለ።

ምስታ ኣዝየ ዝፍቅራ ሓፍተይ ሓቢረ ዝሰሓቕክዎ ሎሚ ኣብ ተዘክሮይ የንብዓኒ ኣሎ። እቶም ክሕንቅቕ ኢለ ዝፍትኖም ዝነበርኩ ናይ ንብዓት ስምዒታት ሕጂ እናኽዝክሮም ብተግባረይ እስሕቕ። ብሰንኪ ምፍልላይ ብዙሕ’የ ዘሰላስል። ብፍላይ ንስኺ ዝጾርክለይ ዛንታ ሎሚን ትማልን ገናጺለ ከንብብ ከለኹ፡ ንዝሓለፍክዎ ዘኪረ እስሕቕ፡ እነብዕ፡ ንኽልቲኡ ስምዒታት ኣእንግዶ። ባዕለይ ንባዕለይ እጸናናዕ። ምስ ሻመይ ብሓፈሻ ምስ ኵሎም ዝተፈልዩኒ ንራኸብዶ ንኸውን? እናበልኩ ብኣስሓይታ ምፍልላይ እሳቐ። ልዕሊ ዝኾነ ኣብ ዓለም ዘሎ ድማ ንምፍልላይ እፈርሕ።

ምኳን እኳ ምፍልላይ ዝገበሮ የብሉን። ኣብ ግቡእ ዕማሙ እዩ ዘሎ። ንሕናኸ ንዘኻኽርዶ ኣለና? ትማሊ እናዘከርና ነቲ ኣይንረሳሳዕ ዝተባሃልናዮ ቃል ንተግብሮዶ ንህሉ? ኣብ ዝሃለና ንሃሉ፡ ብህይወት ንዘለውን ዝተፈልዩን ንዝክሮዶ ኣለና? ወይሲ ቃል ጥራይ ነይሩ ምሕጽንታና። ሓደ እዋን ኣብታ ዝጠዓመት ሽንኩለል ዘይብላ ዓለም፡ ሓጐስና ክንደግሞ ክንራኸብ ምኳንና ይሰኣለናዶ? ወይስ በብዘለዮና ገለና ተስፋ ብምቍራጽ ምንባር ጸሊእና። ገለና ሰብኣውነት ሓኺኽና ምስ ንዋት ዓሪኽና። ገለና ብሕታውነት ኣጨኒቑና መንነትና ረሲዕና። ሓለንጊ ምፍልላይ ዝበጽሓና ብሓፈሻ፡ ከም ቀደምና ኵሉ እናጸርና ንዘኻከርዶ ኣለና? ክንዘኻኸር እዩ ዘለና። ምስ ብርሃን ውሽጥና ብተዘክሮ እናሰባሕና ክንነብር ብቓልን ብተግባርን ደኣ ንዘኻኸር።

ሳናዳይ እዚ ዕላለይ እቲ ንኹሎም ዝተፈልዩኒ ክብሎ ዝደሊ እዩ። እዛ ሓዳስ ዓመት መዛዘሚት ናይ ምፍልላይ መድረኽ ክትኩነለይ እትስፎ ኣለኹ። እንተ ተፈላለና ኸኣ እዋእ ንዘኻኸር። ሳንዳይ፡ እዛ ዝጽሕፈላ ዘለኹ ናይ መወዳእታ ካብ ገጻትኪ እያ። ሽግረይ፡ ሓጐሰይ፡ ንብዓተይ፡ ስሓቀይ፡ ብዘይ ተጕላባነት ርክለይ ኢኺ። ኣብታ ሓድሽ ገጻት ዝመልኣ ከርስኺ እዩ ክቕጽል ዕላልና። ግን ኣይትሰከፊ ኣይርስዓክን እየ።

Be.S



## ቅዲ ኣነፋፍቓ

“ሄለው፣ መግቢ ልበይ! ከመይ ኣምሲኻ?”

“ሳሙ ሸኮር! ናፍቖትኪ ኪኖ ሓጹር ደርቢኻ፡ ንዓኺ ዝፈጠረ ፈጣሪ ይመስገን።”

“ናተይከ ደኣ! ኣይ-ሎሚ ተራኺብና ክንስና። ዝክር ምስ ኣምሰኹስ ናፊቐ’የ ሕጂ ሰዓት ሕላፍ ዝድውለልካ ዘለኹ።”

“‘ዛ ጅብዕትስ! መዓስ መዓስ ዲኺ ትናፍቕኒ?”

“እናኽዝክረካ ምቁር ወዲ!”

“መዓስ መዓስከ ትዝክርኒ?”

“ወይለይ ሚሮን! ሕጅስ ካብ መምህር ናብ ጋዜጠኛዶ ጸሪኻ ሓቀይ!? ምኳን መምህራንን ጋዜጠኛታትን ደይ ሓደ ኢኹም፣ ዘረባ ምልቃምን ምትፋእን እዩ’ኮ ስራሕኩም!”

“ዝተሓተትኪዮ እንዶ መልሲ ኗለዲኣ?

“ኣነስ ወደይ መሊሰልካ’የ ዝብል፡ ዘረባ ድኣ ምድግጋም ትፈቱ ኳንካ’ምበር። ምስ ዘከርኩኻ ከም ዝናፍቐካስ ነጊረካ’የ። ኣንታ! እንታይ’ዩኸ እዚ ኹሉ ሕቶ? ንስኻ ንባዕልኻ ዘኪርካኒ ዘይትፈልጥስ ‘መዓስ ትዝክርኒዶ መዓስ ትናፍቕኒ’ እናበልካ ከተዋጥረኒ! ሕራይ በል ንስኻኸ መዓስ ኢኻ ትዝክረኒ?”

“ኣነዶ?”

“እወ!”

“ዘኪረኪ ከማን ኣይፈልጥን።”

“ዋይ ‘ቲ ጉደይ!”

“ጸላኢኺ ኣብ ጉድጓድ ይእቶ! እንታይ ደኣኸ ዝሰንበድኪ ትመስሊ?”

“ትላገጽ ኣለኻ ምሽ!? እንታይ ዲኻ ትብለኒ ዘለኻ? ኣነ ከምኡ እንተ ዝብለካ ኣይምሰንበድካን!?”

“ቅጭጭ እኳ ኣይምበለኒ!”

“ቅጭ መምጽኢ!”

“ኣነ?”

“እቲ ትዛረቦ ዘለኻ’ምበር!”

“እንታይ ድዩ መሲልኪ ሓቢብቲ ኣና! ሰባት ንዝረሳዕናዮ ነገራት ኢና እንዝክሮ። እሕሕ…እሕሕ፣ ኣብ ልብና ዘለው ግና፡ ኩሉ ግዜ ምስ ስምዒትና ተወሃሂዶም ስለ ዘለዉ ምዝካር ኣየድልዮምን’ዩ። ስለዚ ንስኺ ኹሉ ግዜ ኣብ ልበይ ስለ ዘለኺ ኣብ ምዝካር ከየብጻሕኩ’የ ዝናፍቐኪ።”


“ወዲእካ ዲኻ?”

“ይኣኽለኒ ግዴኺ ኸኣ።”

“ኣላ መምህር ትገብሩ! ሕጅስ

ዐ፫:፵፭ ድ.ቐ.

ዓዲ ባሮ



ነዚኣ ከም ናይ ቃል ፈተና ዲኹም ክትሓስቡለይ?”

“ክትከውን ትኽእል’ያ።”

“ሚሮነይ! ካብ ልበይ ከም ዘፍቅረካን ከም ዝናፍቐካን ትጠራጠር ዲኻ?”

“ሚሪየ! ከም ተፍቅርኒ እኣምን’የ። ከምዚ ናተይ ውዒሉ ዝሓድር ናፍቖት ክህልወኪ ዘይምኽኣሉ ግን ሕማቕ ይስመዓኒ።”

“መዓረ ክንደይ ከም ዝናፍቐካ መርትዖ ትደልየሉ!?”

“ኢሂናይ ደኣ!”

“በል ብቓለይ ትተኣማመን እንተ ኴንካ ሕጂ’ውን ከይተረፈ ናፊቐካ’የ ዘለኹ።”

“ኣየ ሜሪ ሸኮር! ሕጂ’ኮ በዚ ናይ ፍቕሪ ጸወታ ኲሪኺ ኣለኺ!? ፍሉጥ… ፍሉጥ’ዩ!

“ኲርየ’ወ!”

“ሰበይ ናተይ! ናፍቖት ሓኻይም ዘይበጽሕዎ፡ ከምዚ ከማና ፍቑራት ጥራይ ዘስተብህሉሉ፡ ልዕሊ ዚካ ዘንጸራሩ ቫይረስ ምኳኑ ንዓኺ ምስ ኣፍቀርኩ እኳ’የ ፈሊጠ! ሕጂ ድማ ንነብሰይ ክሕሻ፡ ነዛ ናፊቐካ ትብል ምቅርቲ ቃልኪ ከም ቅዱስ ቁርባን ብባህታ ተቐቢለያ ኣለኹ። ብርግጽ ሰላም ሂባትኒ ክትሓድር’ያ። ጥራይ ጽባሕ መፋኹሲ ናፍቖትና መዓስ ኢና ክንራኸብ?”

“ሚሮነይ!”

“ህ ፈውሲ ልበይ!”

“ታህዋጽካ ከምዚ ናተይ እንተ ኹይኑ ሞባይልካ ኣጥፋኢያ’ሞ ንዓ ናብ ታሕቲ ገዛኹም ውረድ።”

“ወይለይ ኣበይ ዲኺ ዘለኪ!?”

“ኣብታ ትሕቲ ገዛኹም ዘላ ቢንቶ።”

“በዚ ምሸት!?”

“እንታይ ደኣ’ሞ ክገብር ናፊቐካ እንድየ!!”

ሜሪ ሃብተ

## ሩሐይ ጐቢዛ

*12 ጥሪ 2025*

ባጽዕ

ኣብ ስራሕ ክውድኦ ዘይከኣልኩ ስራሕ ሒዘዮ ገዛ መጺኣ። ሩሐይ ኣብ ካንሸሎ እናተጻወተት ከይረኣየትኒ ኣትየ። ኣብ ቅድሚኣ ክሰርሕ ስለ ዘይክእል ቊሩብ እንተ ኣስለጥኩ ብምባል እየ። ወረቓቕተይ ኣብ ጥውላ ዛሕ ኣቢለ ስርሐይ ጀሚረ። ከባቢ ፍርቂ ሰዓት ምስ ሰራሕኩ ደኺመ ኣብታ ዝነበርኩዋ ቀም ኣቢለ።

ክንደይ ደቂሰ ኣይተፈለጠንን። ትንስእ እንተ በልኩ፡ ሩሐይ ቢሮ ሒዛ ኣብቲ ናይ ስራሕ ወረቓቕተይ ትሓናጥጥ ጸንሓትኒ። ልበይ ሞሊቑ፣ ከሰምብዳ ኣይደለኹን።

“ሩሐይ! ናይ ስራሕ ወረቓቕተይ እንድዩ ኣብ ናይ ዓበይቲ ዶ ይጸሓፍ’ዩ?” ኣተሓዛ ብርዒ መን ምሂሩዋ ኣይፈልጥን፡ ክጽብቕ ጉድ’ዩ ኣታሕዛኣ። ኣብ ኢዳ፡ እግራ፡ መሬት፡ መንደቕ፡ ማዕጾ ኣብ ዝረኸበቶ’ያ ትጽሕፍ ዘላ።

“እጽሕፍ፡” በለትኒ በቲ ምቁር ልሳና።



“እንታይ ኢልኪ?”

“ማማ’የ … ፍቱው የብለኪ ናይ ልልልልልበይ … ከእትወኪዶ ናብ ውሽጠይ… ዳሕረይ ደቂሰ ምስ ተሳእኩ ኣስክሬም ክገዝኣለይ’ያ።”

ሩሐይ ሻጥር! ጐቢዛትለይሲ ክትሻጥረኒ እንድያ።

ዮርዳኖስ ኣኽሊሉ

(መበል 14ን መወዳእታን ክፋል)

# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

## ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ

ታሪኽ ግፍዕታት ጉጅለ ምዝኻር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቕጻል ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግብኦ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን ገበንን ብጽምቕ ዝበለ ንኣንበብቲ ተቕርብ።

ክሳብ 9ይ ክፋል ናይዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍዚ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናደአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ጽሑፋ ኣሰፊራቶ ዘላ እዩ። ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣየብቅዐን። እዚ ነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ ከኣ ካብ 9ይ ቅጺ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ መጽሓፍ "መኸተ፡ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር" ዝተወሰደ፡ ኣብ እዋን ወራራት ወያነ (1998-2000) ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ዝገልጽ እዩ።

### ገበናት ኲናት ወያነ

ሓለፍቲን ካድረታትን ወያኔ ደድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ብሰላሕታዊ ኣገባብ መሬት ኤርትራ ክዕምንዘው ካብ ዝበገሱ ጀሚሮም፡ ኣብ ከባቢ ዶባት ዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ገዛእ ዓድታቶም ሃጽ ኢሎም ንኽጠፍኡ፡ ዝተፈላለየ ናይ ራዕዲን ሸበራን ተግባራት ይፍጽሙ ነይሮም እዮም። ኣብ ቀዳማይ ወራር፡ መጥቃዕቲ ሰራዊት ወያነ ቀልጢፉ ስለዝመኸነን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብዝወሰዶ ጸረ-መጥቃዕቲታት እቲ ወራሪ ሰራዊት ክሱበ'ቲ ፍሉጥ ኣህጉራዊ ዶባት ስለዝተደፍኣ፡ ኣብ ልዕሊ ዓድታትን ከተማታትን ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ሲቪላዊ ዒላማታት ብደብዳብ ነፈርቲን ከቢድ ብረትን ዝወረደ ዕንወት ምጡን እዩ ነይሩ።

ኣብ ካልኣይ ወራር ግን ወያነ ኣብ ከባቢ ግንባር መረብ ሰቲትን ግንባር ዓሊተና መረብን ንዝርከብ ብዙሓት ዓድታትን ከተማታትን ዒላማ ብምግባር፡ ብደብዳብ ነፈርቲን ከቢድ ብረትን ኣማኢት ሰላማውያን ሰባት ቀቲሉን ኣቕሲሉን። ዓሰርተታት ኣሽሓት ህዝቢ ካብ መንበሮኦ ኣፈናቒሉ፤ ኣብቲ ክቆጻጸሮ ዝኸኣለ ቦታታት ንብረት ሰላማዊ ህዝብን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ከምኡ'ውን ጥሪትን ካልእ ንብረትን ራሲዩን ኣዕንዩን። ኣብቲ እዋን'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ነቶም ካብ ዓድታቶም ዝተፈናቐሉ ህዝቢ ዘዕቁባ ዓበይቲን ንኣሽቱን መደበራት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ክድኩን ተገዲዱ ነይሩ። ብዙሓት ተፈናቐልቲ እውን ናብ መቕርብኦም ዝተጸግዑ ነበሩ።

ብወራር ወያነ እቲ ዝኸበደን ዝኸፍኣን ዕንወት ዝወረደ ኣብ ሳልሳይ ወራር'ዩ። ኣብዚ ወራር'ዚ፡ ሰራዊት ወያነ ኣብ ገፌሕ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ክኣቱ ዕድል ረኺቡ እዩ። ኣብ ዞባ ደቡብ እውን፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብመሰረት ጸወዒት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ካብ ዛላምበሳ ኣብ ዝሱላበሉ እዋን ንምክልኻል ክጥዕሞ ናብ እምባ ታሪኻ ብምስሓቡ፡ ሰራዊት ወያነ ንሰንዓፈን ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ዓድታትን ክቆጻጸር ክኢሉ እዩ። በዚ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረደ ስቓይ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ልዕሊ 1.1 ሚልዮን ህዝቢ ካብ ዓድታቱ ተፈናቒሉ። 250,000 ህዝቢ ብህጹጽ ኣብ ዝተመስረተ መደበራት ክዕቆብ እንከሎ፡ 50,000 ናብ ሱዳን ተሰዲዱ። ክሳብ'ዚ ወራር'ዚ፡ ቀጻሊ ብዝቕጸል ዝነበረ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ቁጽሪ ዝተሰጎ 75,000 በጺሑ ብምንባሩ ድማ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝወረደ ግፍዒን በደላትን ብስፍሓቱን ብዓይነቱን ኣብ ታሪኽ ኤርትራ እቲ ዝዓበየ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

እቲ ናይ ውሽጢ ምምዛቡል እውን ብዙሓት ስድራቤታት በታቲኑ እዩ። ጸብጻብ ኮምሽን ረድኤትን ስደተኛታትን ኤርትራ ከምዝመልከቶ፡ ኣብ ግዜ ሳልሳይ ወራር፡ ካብ ከባቢ ሰንዓፈ ተመዛቢሎም ኣብ መዓስከር ሓሬና ካብ ዝተዓቖቡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታት፡ እቶም 6,000 ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት እዮም ነይሮም። ልዕሊ 1,300 ካብኣቶም ድማ፡ ብደብዳብ ወለዶም ዝሞትዎም፡ ወይ ኣብቲ ግዜ ውግእ ስድራቤቶም ተብታቲኖም ብዘይ ኣላዩ ዝተረፉ ነበሩ።

ወያኔ ንበረት ህዝቢ ንምርሳይ ምእንቲ ክጥዕሞ፡ ኣብቲ ብወራር ዝበጽሖ ዓድታት ህዝቢ ካብ ኣባይቱ እናውጽአ ምብራር ስርሓይ ኢሉ ዝፍጽሞ ዝነበረ ተግባር እዩ። "ካብ ዓድና ኣይንለቅቕን" ዝበሉ፡ ኣንስቲ ኣረጋውያንን ቆልዑን ምቕጥቃጥን ምርሻንን ድማ ምስኡ ሓቢሩ ዝኸይድ ዝነበረ ግፍዒ እዩ። ኣብ ኣውጋሮ ንኣብነት ኑቶም ደቂ ዓዲ ቦታኦም ለቒቖም ክኸዱ ምግዳዶም ሓደ መርኣያ ናይዚ ዓመጸኛ ተግባር እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ወተሃደራት ወያኔ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ብዙሕ፣ ገሊኡ ብፍላይ ክትኣምኖ እውን ዘጸግም ጾታዊ ዓመጽ ፈጺሞም እዮም። ኣብ ከባቢ እምባሶይራ ንኣብነት፡ ወተሃደራት ወያኔ ብትእዛዝ ሓለፍቶም ኣብቲ ከባቢ ንዝነበራ ኣመንቲ ምስልምና ሰበ ሓዳር ደቀንስትዮ፡ ዕሉታዊ፡ ንበዚሕ መዓልታት፡ ድሕሪ ሰዓት 5፡00 ናይ ድሕሪ ቐትሪ ገዛኣን እናመጹ ብሰንኛ እናፈራረሑ ይጋሰሱወን ምንባሮም፡ እተን ዝተዓመጻ ደቀንስትዮ፡ መጸናዕቲ ንዘካይዱ ዝበሩ ኣባላት ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ ዝገለጻሉም ጉድ ተሰሪዱ ይርከብ።

በዚ ሰፊሕ ናይ ኲናት ገበን'ዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረደ ስቓይን ስነ-ኣእምሮዊ ማህሰይትን ኣብ ንብረት ዝወረደ ዕንወት ቀሊል ኣይነበረን። በቲ ዝተፈጸመ ዕንወትን ራሲያን ኣዝዩ ካብ ዝተሃሰየ ከባቢታት ባረንቱ፡ ቶኾምብያ፡ ሻምብቆ፡ ተሰነይ፡ ዓሊግደር፡ ተላታ ዓሸር፡ ጎልጅ፡ ኣምሓጀር፡ ማይ ድማ፡ ኣውጋሮ፡ ክሳድ ዒቃ፡ ጾሮናን ሰንዓፈን ኣብ ከባቢኣን ዝርከብ ብዙሓት ዓድታትን ብኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

ደድሕሪ ሳልሳይ ወራር፡ ብዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዝተኻየደ ኣፈናዊ መጽናዕቲ፡ ወያነ ኣብ ዝኣተዎ ከባቢታት ልዕሊ 34 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ናይ ልዕሊ 50,000 ስድራቤታት ኣባይቲ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብከፊል ክዓኑ እንከለው፡ ኣስታት 3000 ትካላት ድማ ምሉእ ወይ ከፊላዊ ዕንወት ከምዝወረዶ የመልክት። ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ ብወገኑ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ዞባ ዝወረደ ዕንወትን ዝምታ ጥሪትን 700 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝበጽሐ፡ ብሰንኪ ሰፊሕ ምምዝባል ህዝቢ፡ ምህርቲ ሕርሻ ናይቲ ዞባ ኣብቲ ዓመት'ቲ ብ77.7% ከምዝንቈልቈለ የመልክት። ኣብ ሕርሻ ጡጥ ዓሊግደር ከኣ፡ ዓሰርተታት ሚልዮናት ዶላር ዝዋጋኡ ፋብሪካን ማሽነሪታትን ወያነ ብመደብ ከምዝዘመዎ ይፍለጥ።

ድሕሪ'ቲ ወራር ብጠንከ ዓለም ትካላት ሕቡራት ሃገራትን መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ዝተጉብረ ገምጋም ኑቲ ዝወረደ ዕንወት ንምፍዋስ ልዕሊ 300 ሚልዮን ዶላር ከምዝድሊ ተገሚቱ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ዝጸደቐ 287.7 ሚልዮን ዶላር እዩ ነይሩ። ካብዚ 90 ሚልዮን ባንክ ዓለም፡ 50 ሚልዮን ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ 58.7 ሚልዮን መንግስቲ ጣልያን፡ 24 ሚልዮን መንግስቲ ኤርትራ፡ 11 ሚልዮን ደንማርክ፡ 3 ሚልዮን ፈረንሳ፡ እቲ ዝተረፈ 30 ሚልዮን ዶላር ድማ ብዝተፈላለየ ሃገራትን ውድባትን ክምወል ተባሂሉ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ሓገዝ ቀሪቡ ምስተበገሰ፡ ብሰንኪ'ቲ ድሕሪ ፍሽለት ወራር ወያነ ሰዒቡ ዝመጸ፡ ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ተጽዕኖ ሃገራት ምዕራብ ኣይቀጸለን።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብቲ ናይ ኲናት እዋን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ብህጹጽ መዕቈቢ መደበራት ብምምስራት፡ ናይ ሕክምናን ማይን ኣገልግሎታት ብምቕራብ፡ ተፈናቐልቲ ዝዕቈብሉ ቴንዳታት፡ ናይ መግቢ መቐነንን ኮበርታን ክዳውንቲን ብምዕዳል ዓቕሚ ሃገር ብዘፍቅዶ ህዝቢ ንምርዳእ ተጓይዩ እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም እውን እንተኾነ፡ ዋላ እኳ ከምቲ ትጽቢት ዝግበረሉ እንተዘይነበረ፡ ክሳብ ብክፊል ህጹጽ ረድኤት ብምልኣኽ ነቲ ዝተፈጥረ ከቢድ ምምዛብልን ሰብኣዊ ቅልውላውን ንምፍዋስ መጠነኛ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ዝያዳ ኩሉ ግን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ብልዑል ዜግነታዊ ሓላፍነት ንተመዛበልቲ ዜጋታቶም ንምሕጋዝ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ዝዓበየ ግምት ዝወሃቦ እዩ።

ብውዕል ኣልጀርስ፡ ኣብ ክልቲኣን ሃገራት ዝወረደ ዕንወት ከጸሪ ዝቘመ ኮምሽን ካሕሳ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግታት፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣብ ግዜ ውግእ ዝተፈጸሙ ገበናት ኣብ 6 ምድባት ከፋፊሉ'ዩ ርእይዎም።

ምድብ 1 = ዘይሕጋዊ ምብራር ሰባት ካብ ቀዋሚ መንበሪ ቦታኦም፣

ምድብ 2 = ሰባት ካብ ቀዋሚ መንበሪኦም ምፍንቃል፣

ምድብ 3 = ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ኲናት፣

ምድብ 4 = ንሰላማውያን ሰባት ብዘይ ሕጊ ምእሳር፣ ምቕታል፣ ኣብ መዓስከራት ምድጓንን ብኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ምስቓይን ደቀንስትዮ ምዕማጽን

ምድብ 5 = ንብረት ውልቀሰባት ምዝማትን ምዕናውን

ምድብ 6 = ንብረት መንግስቲ ምዕናውን ምዝማትን

ብመሰረት መምዘኒ ምድባት ናይቲ ኮምሽን፡ ጥርዓን ብመንግስቲ ይኹን ብውልቀሰባት ክቐርብ ዝኽእል ኮይኑ ብኣኩባት ጉጅለታት፡ ትካላት ወይ ማሕበራት ዝቐርብ ጥርዓን እውን ካብ 1-5 ኣብ ዘለዉ ምድባት ከፋፊልካ ክርኣዩ ይኽእሉ።


በዚ መሰረት፡ እቲ ኮምሽን፡ ኣብ መሬት ኤርትራ ዝተፈጸመ ካሕሳ ዝግብኦ ናይ ኲናት ገበናት ዝበሎ ከምዚ ዝስዕብ ዘርዚርዎ ይርከብ፦

- ምዕናው መንበሪን ንግዳዊን ኣባይቲን ካልእ ህንጻታትን ኣብ ማእከላይን ምዕራባዊን ግንባር
- ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝወረደ ሞትን መቝሰልቲን
- ዕንወት ትካላት ሕክምናን መሳርሒታቱን
- ዕንወት ሓወልቲ መጠራን መቓብር ሓርበኛታት ጾሮናን ሻምብቆን
- ሕማቕ ኣተሓሕዛ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ኲናት
- ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ሰንዓፈ፡ ባረንቱን ተሰነይን
- ምብራር ህዝቢ ኣውጋሮ ካብ ገዛእ መሬቱ
- ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ምብራር ክልተ ዜግነት (ኤርትራን ኢትዮጵያን) ዘለዎም ሰባትን ኢትዮጵያውያን ክንሶም ሰኣን ምጽራይ ተለኪዮም ዝተባረሩን፣
- ሕማቕ ኣተሓሕዛ ኣብ ግዜ ምስጓግ
- ምዝማት ንብረት ካብ ኢትዮጵያ ዝተባረሩ ኤርትራውያን
- ምዝማት ኣብ ግዜ ውግእ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ክምለሳ ዘይክኣላ መካይን ኤርትራውያን
- ምዝማት ንብረት ቀወምቲ ተቐማጦ ኢትዮጵያ ዘይኮኑ ኤርትራውያን
- ካብ ሕጊ ወጻኢ ምእሳርን ምድጓንን ምስቓይን ሰላማውያን ኤርትራውያን፣
- ምግሃስ መንበሪ ገዛ ዲፕሎማሰኛታት ኤርትራን ምዝማት ንብረቱን

እዚ በደላት'ዚ ካሕሳ ክኽፈሎ ከምዝግባእ እቲ ኮምሽን ብምግላጽ፡ መጠን ናይቲ ካሕሳ እውን ወሲኑ እዩ። ብወገን ኤርትራ ተፈጺሙ ዝበሎ በደላት እውን ብተመሳሳሊ። እንተኾነ፡ መጠን ናይቲ ዝወረደ ዕንወት ኮነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ዘሰካሕክሕ ግፍዒን ግህሰት መሰልን ስነ-ኣእምሮኣዊ ማህሰይትን፡ እቲ ኮምሽን ምስ ዝወሰኖ ካሕሳ ፍጹም ዝመጣጠን ኣይነበረን።



ብወራሪ ሰራዊት ወያነ ዝዓነወ መቓብር ሓርበኛታት



ህልቂት ሰራዊት ወያነ - ግጥም እግሪ መኸል

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሳልሳይ ክፋል

> *“ሕልምታት ገደብ ግዜ የብሎምን፤ ኣነ ብዙሓ ዝዓበዩን ዝበጹን ነገራት ብምኽራሕ ክሕገስ እየ ዝሓስብ ዘለኹ።” -* ***ኩል ጀይ***
>
> *“ንዓይ ምጽሓፍ ማለት ብመንገዲ ኣጻብዕተይ ምሕሳብ እዩ።” -* ***ኢዛክ ኣሲሞቭ***

ብዙሓት ሰባት ኣብ እዋን ጸምዋ ኣብ ዝህልወሉ፡ ንኣእምሮኦም ብዙዮዮኡ ይጥቀምሉ። ብርክት ዝበሉ ገጠምትን ደረስቲ ልቢ ወለዶትን ኣብ ጸምው ዝበለ ቦታ ኰይናም እዮም ዕዮኦም ዘሰላስሉ። እቶም ኣብ ቴክኖሎጂያዊ ምህዞታት ዓቢ ዓወት ዘመዝገቡ በሊሕቲ ሰባት እውን ንጸምው ዝበለ ህሞት ጸቡቕ ገደርም እዮም ኣብ ሞያኦም ዝጥቀሙሉ።

ኣብ ቤተ ንባብን ኣብ እንዳ ሻሂን ዘሎ ጸጥታ እስከ ነወዳድሮ። ኩቶ ዝራኸቡ ኣይኮኑን። ኣብ ቤተ ንባብ ኮፍ ኣብ እንበለሉ፡ ብዙሓት ሓሳባት ኣብ ኣእምሮና ይፖግድሑ። ብመጀሩ ኣብ እንዳ ሻሂ ኣብ እንህልወሉ በቲ ኣብ እቲ እንዳ ሻሂ እንርእዮ ጸዑቕ ምንቅስቓስ ከምኡ እውን በቲ ኣብኡ እንሰምዖ ልዑል ድምጺ ሰባት፡ ማሽን ወይ ቴለቪዥን ኣቓልቦና ስለ ዝሰልብ፡ ኣብ ፈጠራዊ ሓሳባት ክንጽመድ ኣይንኽእልን ኢና።

ንገለ ሰባት ጸምው ዝበለ ቦታ ምሓር የፍርሖም። እዚ ምስ ገዛእ ርእሶም እሂን ምሂን ምብህሃል ከም ዘፍርሖም እዩ ዘመልክት። ንሱ'ዩም ካብ ገዛእ ርእሶም ክሕከሉ ስለ ዝደልዩ ከሉ ሻብ ኣብ ማእከል ብዙሓት ሰባት ክሸኸው ይመርጹ።

## ዓንኬል ሓሳባት



ካልኦት ከኣ፡ ካብ ገዛእ ርእሶም ማለት ካብ ገዛእ ሓሳባቶም ክሃድሙ ክብሉ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ወጽኢታት ቴክኖሎጂ (ኮምፕዩተር፡ ሞባይል፡ … ኢንተርነት፡ …) ልዕሊ ንቡር ግዜ ዝጽመዱ ኣለው። ንሱ'ዩም ኣብ ፈይስቡክ፡ ኢንስታግራም፡ ዩትዩብ፡ ቲክቶክ፡ … እንታይ ተባህለ ክብሉ ብምውዓል፡ ካብ ገዛእ ርእሶም መንገዲ ዓመት ይሃድሙ።

ሰብ ብሓሳቡ ክሕገስ ከም ዝኽእል ኣፍልጦን እምንቶን ክህልወና ይግባእ። እዚ ንብዕሉ ክእለት እዩ። ሰብ ብሓሳቡ ምእንቲ ክሕገሰ፡ ደርኺት ከምኡ እውን ክእለት ብጽቡቕ ምስራሕ ይሓትት። ብሓሳባትና ክንሕገስ ድሌት እንተ'ልዩና፡ እንታይ ዓይነት ሓሳባት ክንሓስብ ከም ዘለና ኣብ ምምራጽ ንፉዓት እዩ ዝምልከት።

ኣብዚ ሓደ ክስተውዕሎ ዝግባእ ነጥቢ ኣሎ። ንኽንሓስብ ቃላት የድልየና ደዩም? ኣብ ኣእምሮ ኣተኩሮም ዝተኻየዱ ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ኣብ ተግባራዊ መስርሕ ናይ ሓሳባት ግደ ቋንቋ ኣገዳሲ ኣይኮነን።

ኣብ መንጎ ቋንቋን ሓሳባትን ዘሎ ምትእስሳር ንምፍላጥ፡ ዓበይቲ ምሁራት ካብ ጥንቲ ጥንቲ ኣትሒዞም ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት ኣካይዶም። ቋንቋን ሓሳባትን ከሰብ ክንደይ እተጠናነቱ እዮም? ቋንቋ ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት ንሓሳባት ዶዩ?

ብሪጣንያዊ ፈላስፋን ሊቕ ስነ ቑጽርን በርትራንድ ራስል፡ “ቋንቋ ኣብ መዳይ ሓሳባት እምብዛ ኣገዳሲ እዩ። ብዘይ ቋንቋ ትርጉም ዘለዎ ሓሳባት ክህልወኻ ኩቶ ዘይከኣል እዩ።” በሃሊ ነይሩ።

ንእምንቶ በርትራንድ ራስል ዝቃወሙ ሓያሎ መጽናዕቲታት ቀሪቦም እዮም። ብዙሓት እንስሳታት ኣብ እቲ ኣብ ልዑል ተፈጥሮኣዊ ግዙእ ኣብ ዝሓትት ምፍታሕ ግድላት ክስተፉ እንከለዉ፡ ቋንቋ ኣየድልዮምን እዩ። ቺምፓንዚ ዝበሃሉ እንስሳታት፡ ኣብ ‘ስትራተጂ ጌም’ ንደቂ ሰብ ከም ዝበልጹ ድሮ ብሊቃውንቲ ብመርትዖ ተሰኒዩ ተረጋጊጹ ኣሎ። ካለዶንያዊያን ንገዛእ ርእሱ ምሳሊ ይሰነስ እዩ። (ንኽለዶንያዊ ኣኳኸ ንጉዳያት ንምሓዝ ናይ ገዛእ ርእሱ መስርሒ ይሰነስ እዩ።)

ይኹን እምበር፡ ደቂ ሰብ ካልኦት በሊሕቲ እንስሳታት ከም ቺምፓንዚ ዝኣመሰሉ ዘይክእልዎ፡ ተገንዘቦዊ ዕዮታት ብደረጃ ካልኩላስን ኣብስትራክት ኣልጀብራን ክንቅምር ንኽእል ኢና። ረቀቕቲ መዚቃታት ወይ ስምፎኒታት ከመሃይድ እውን ዓቕሚ ኣለና።

ኢቨሊና ፈደረንኮ እተባህለት ስመይቲ ንዩሮሳይንቲስት ኣብ መዳይ ምትእስሳር ቋንቋ ምስ ሓሳባት ኣመልከታ ን15 ዓመታት ዓሚቕ ምርምር ኣካይዳ። ካብ እዚ ተበገሰ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከተሕትም በቒዓ። ብመሰረት ምርምራ፡ ቋንቋን ሓሳባትን ክልተ ዝተፈላለዩ ነገራት ኰይኖም፡ ብሓንጐልና ብዝተፈላለዩ ኣካባት እዮም ዝምስርሑ። ዝለዓለ ደረጃ ተገንዘቦ — ካብ ዓሚቕ ግድል ኣፈታትሓ ክሳብ ማሕበራዊ ርትዒ — ብዘይቃላት ወይ ቋንቋዊ ቅርጺ ክሰላሰል ይኽእል።

ሰባት ኣብ ዝተፈላለዩ ዕዮታት ክጽመዱ እንከለዉ፡ ንለውጢ ዋሕዚ ደሞም ክልካዕ ይከኣል እዩ። ሊቃውንቲ ኣብ እዚ መዳይ በጺሖምዎ ዘለዉ ምዕባለ፡ ንብዙሕ ነገር ሓጊዚ ይኸውን ኣሎ። ሓደ ካብኡ ኸኣ፡ ቋንቋን ሓሳባትን ዘራኽብ ከም ዘይብሎም ምኽንያቱ እቶም ሊቃውንቲ ነቲ ኣብ ቤተ ፈተነ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ኣሰንዮም ይገልጹ።

ንሓሳባት ብዘይ ቋንቋ ክንሰላስሎ ከም እንኽእል ክንገልጽ እንከለና፡ ንኣገዳስነት ቋንቋ ንምንእኣስ ኣይኮነን። ዝ. ሕጂ ብመንገዲ እዛ ዓምዲ እነመሓላልፎ ዘለና ቀምገር፡ ብዘይቋንቋ ኩቶ ናጠሽም ከነማሓላልፎ ኣይምኽኣልናን። እቲ ፍልጠት ሓንሳእ ናጠሽም ምስ በጽሐ፡ ነቲ ዝጸንሓኩም ፍልጠት ኣብ ኣእምሮኹም ማስረሕኩም ከተማዕብልዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ንኣእምሮ ሓድሕድና ኩቶ ከነንብቦ ኣይንኽእልን ኢና። የጉዳስ ዝ. ቋንቋ ተባሂሉ ዝፍለጥ መሳርሒ ተጠቒምና ኢና፡ ሓበሬታ ናብ ሓድሕድና ከነማሓላልፍ እንኽእል።

ግደ ሓቂ፡ መብዝሕትኡ ብዙሓ ዓለም እንምሃሮ፡ ብመንገዲ ቋንቋ እምበር፡ ብመንገዲ ቀጥታዊ ተመኩሮ ኣይኮነን። ምእንቲ እዚ፡ ቋንቋ እምብዛ ኣገዳሲ እዩ።

ብዘይቋንቋ ኣብ ማእከል ሓደ ሕብረተሰብ ክትነብር ምሓር ኣጸጋሚ እዩ። ሰባት ከም ዝፈትዉናን ዝጸልኡናን ብመንገዲ ቋንቋኦም እዮም ዝገልጹልና። ሓደ ሰብ፡ “ኣነ ንዓኻ ምሓር እየ ዝጸልኣካ።” እንተ ኢሉካ፡ ብጽኡ ንብኡ ናብ ምጥንቃቕ ኢኻ እትሰጋገር።

“እዚ ሰብ እዚ እኮ ብኣፉ እዩ ከም ዝጸልኣኒ ዝገልጸለይ ዘሎ እምበር፡ ብልቡ እኮ ይፈትወኒ ይኸውን እዩ።” ዝብል ሓሳብ ኩቶ ክቀላቐለካ ኣይክእልን እዩ።

ፍልጠት ናብ ዝቐጽል ወለዶ ከተማሓላልፍ ምሓር ከቢድ እኳ እንተ ኾነ፡ ብዘይ ቋንቋ ግዳ ብኣደማዕነት ክሰጋገር ክኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ ግዜ፡ ኣብ ዓለምና ኣስታት 7,000 ቋንቋታት ይዝረቡ ከም ዘለዉ መጽናዕቲታት ይገልጹልና። ብመንገዲ እዞም ቋንቋታት ኣብ መንጎ ልዕሊ ሸሞንተ ቢልየን ህዝቢ ዓለም ብዘይጸገም ሓበሬታታት ይመሓላለፉ ኣለው።

ምሕሳብ ኣገዳሲ መስርሕ ኣእምሮ እዩ። ረብሓምሕሳብጸዊኻወይጽሒፍካዝውዳእ ኣይኮነን። ምሕሳብ ንተመክሮታት፡ ወጥን፡ ምህሮ፡ ተገንዝቦ፡ ፈጠራ፡ … ኣብ ምጕላጽን ምውዳንን ይሕግዙና። የጉዳስ ብብዙሕ ምኽንያታት ዘይሓጋዚ ዝኾኑ ከም ዘሎ እውን ዝኩሓድ ኣይኮነን። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ኣሉታዊ ጽልዋ ይህልዎ።

ገለ ካብ ኣሉታውያን ዓይነታት ሓሳባት ዝም ዝሰዕቡ ከጠቓልሉ ይኽእሉ፥

- ሓሳብትና ኣብ ሕሉፍ ግዜ ጥራይ ዝጸቅጥ እንተ ኾይኑ፡ ነቲ ኣብ ህሉው ግዜ ናይ ምድማዕ ተግባርና ይጸልዎ።
- ሓሳብትና ምሉእ ብምሉእ ኣብ ባህሪ ጥራይ እተሃገጸ እንተ ኾይኑ፡ ንፍሉይ መጻኢ ኣብ ምስኣል ቦታ ዘይገድፍ ይኸውን።
- ሓሳብትና እናሓንሳእ ንብልጫታትና ወይ ብልጫታት ካልኦት ሰባት ከይንርኢ ይጋርደና እዩ።

ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣሉታውያን ሓሳባት ኣብ ኣእምሮና ክሰዕሩና እንከለዉ፡ ሓገዝ ክኢላታት የድልየና ከም ዘሎ ክስቁረና ይግባእ። ብፍላይ ንህጻናት ኣገዳሲ እዩ ሓገዝ ዘድልዮም። “ንሓደ ህጻን ንምዕባዩ ሓገዝ ዓዲ ምልእቲ የድሊ።” ዝብል ዘረባ ቀለል ትርጉም ኣይኮነን ዘለዎ።

ገሌና ብዙሕ ሓሳባት ዘለና ርድኢት ምሓር ሓደት እዩ። ኣብ መዓልቲ ክንደይ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኻ ይፖግዱሕ ዝብል ሕቶ እንተ ዝቐርበልና ክንደይ ኢልና ኾንን ምመለስና? ሊቃውንቲ ንዩሮሳይንስ ከም ዝገልጽዎ፡ ኣብ መዓልቲ ኣስታት 50,000 ሓሳባት እዮም ኣብ ኣእምሮና ዝፖግድሑ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኣብ መዓልቲ ኣስታት

## ኵርናዕ ሓሳባት

10,000 ምስ ገዛእ ርእስና ወሸጣዊ ዝርርብ ነካይድ።

እዞም ቁጽርታት ንመብዝሕትና ብዙሓት ኰይኖም ከም ዝስምዑና ርዱእ እዩ። እቲ ቑንዲ ቀምገር ግዳ ካብ እዞም ሓሳባትናን ወሸጣዊ ዝርርብናን ንኽንደይ ካብኦም ኢና ብጥበእ እንጥቀመሎም ዝብል እዩ ክኸውን ዘለዎ። ኩላትና ኣብ ገዛእ ሓሳባትና ዕቱባት ክንከውን ይግባእ።

ካብ ገዛኻ ክሳብ ስራሕካ መንገዲ ሰዓት እዩ እስከ ንበል። በይንኻ ንስራሕካ እናኸድካ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ማእለያ ዘይብሎም ሓሳባት ይፖግድሑ። ኣብ ስራሕካ ምስ በጻሕካ፡ ብዙሓ እንታይ እናሓሰብካ እየ ክሳብ ኣብ እዚ በጺሐ ዘለኹ ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ትሓትታዶ? ክንደይ ካብ እቲ ክትሓስቦ ዝጸናሕካሉ ትዝክር?

ዳርጋ ንኹላትና፡ መጉስዕ ምምላስ (rumination) ክበሃል እንከሎ፡ ኩቡቲ እዩም ዝቕጀሉና። የጉዳስ መጉስዕ ምምላስ ኣብ መስርሕ ሓሳባት እውን ብዙዮዮኡ ይሰርሕ እዩ። ሓንቲ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮና ብቐጻሊ ከም እትሕዩኽ ክስተውዕሉዶ? ንሓንቲ ሓሳብ ምስ ካልኦት ሰባት እሂን ምሂን ክንዘሃለላ እንከለና እውን እታ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮና ጸጺሓ እያ እትዋቐቕ።

እዚ መጉስዕ ምምላስ ሓሳባት ንገለ ግዜ እንተ ቐጸለ እሞ፡ ናብ ፈጠራዊ መዳይ እንተ ተንቀሳቒሱ፡ ሓዲሽ ሓሳባት ናብ ምምዕባል እዩ ዘምርሕ። የጉዳስ ኣብ ሕሉፍ ንዘጋጠሙኻ ፍጻመታት ናብ ኣእምሮኻ ብምምላስ ቀጻሊ ብሓሳብትካ ትሕይኾም እንተ ኼንካኸ እንታይ ዚጋጥም ይመስለካ? ኣብ ኣእምሮኻ ቀጻሊ ኣሉታዊ ሓሳባት ብምዝምዳሕን ንሓደ ጉዳይ ብዝተፈልየ ብርሃን ክትርእዮ ዘይትህቅምንን እንተ ኼንካ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ እንታይ ዚጋጥመካ ይመስለካ?



ከም እዚኦም ዓይነት ሰባት፡ ኣብ ህይወቶም ፍታሕ ኣብ ክንዲ ምንዳይ፡ ዝ ዓለም ምሂን እናበሉ ክሓልፍዋ እዮ ዝሰልጥሞም። ካብ ምምራር ዝኸፋ ፍታሕ ከም ዘየርክቡ ንኹላትና ክስቁረና ይግባእ።

ሓደ ቈልዓ ብቐጻሊ፡ “ኣነ እኮ በሊሕ ተማሃራይ ኣይኮንኩን” ወይ “ንዓይ እኮ ዓርከመሓዙት የብለይን” ኢሉ ዝሓስብ እንተ ኾይኑ፡ ባህሪኡ ንሓሳቡ፡ ምሓር ብኣሉታ ከም ዝጸልዎ ከም ርዱእ ክወሰድ ይከኣል እዩ።

እቲ ቈልዓ ኣብ ትምህርቱ ዝያዳ ብምጽናዕ፡ ተወዳዳሪ ተማሃራይ ክኸውን ኣይጸዕርን እዩ። እቲ ጠንቂ፡ እቲ ቈልዓ ድሮ ንገዛእ ርእሱ በሊሕ ከም ዘይኮነ ኣእሚንዎ እዩ።

ሓደ ቈልዓ ዓርከመሓዙት ከም ዘይብሉ ንገዛእ ርእሱ ብምእማን ንበይኑ ዝነጸለ እንተ ኾይኑ፡ ወዮም መሳትኡ ንኡ ምስኦቶም ክሕወስ ድሌት ከም ዘይብሉ እዮም ዝቐጽርዎ። ክንዲ ዝኾነ፡ ንሱ'ዩም እውን ንሱ ምስኦቶም ብዘይምኳኑ ሕጉሳት ይኾኑ እሞ፡ ናብኦቶም ከይቀርቦም ምሓር እዮም ዝርሕቅዎ።

ንሓደ ቈልዓ፡ “ኣነ በሊሕ ኣይኮንኩን።” ዝብል ኣተሓሳስባ ከም ዘለዎ እንተ ፈሊጥና፡ ብእኡ ንብኡ ክንሕግዞ ክንሕብሮ ይግባእ። እቲ ቈልዓ ንእሽቶ ሓገዝ እንተ ረኺቡ፡ ኣብ መጽናዕቱ ፋሕተርተር ብምባል ኣብ ብልሒ ኣእምሮኡ ካብ መዛንኡ ከም ዘይተርፍ ከረጋግጽ ይኽእል እዩ።

ቈልዑ ንእሽቶ ሓገዝ እንተ ረኺቦም፡ ተዓጻጻፍቲ ምኳኖም ቀልጠፎም እዮም ዘመስክሩ። ካብና ዝድለ፡ ንሱ'ዩም እንታይ ዓይነት ክእለት ከም ዘለዎም ምሕባር እዩ። እቲ ኣብ ኣእምሮኦም ዘሎ እወታዊ ሓሳባት፡ ኣብ ባይታ ክትግበር ከም ዝኽእል ክድረኹ ይግባእ።

ንቘልዑ ደቅና ካብ ጉድኛ ብዙሕ ክርሕቕም ኣይግባእን። ንሕና ካብኦም ብፍልጠትን ተመክሮን ስለ እንዓቢ፡ ብዙሕ ክንመርሖም ትጽቢት ይግበረልና። ቈልዑ ንዝኣምንዎም ዓበይቲ ሰባት ብጽሞና እዮም ዝሰምዕዎም። ነቲ ዝሰምዕዎ ምኽሪ እውን ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ዓይናም ኣይሓስቡን እዮም።

እቲ ካብ ዘለዎ ዝምድና ተበጊሱ፡ “ንዓይ እኮ ዓርከመሓዙት የብለይን።” ዝብል ቈልዓ እውን ብዓበይቲ ሰባትን ብመዛንኡን ክሕገዝ ይግባእ። ንኣብነት ወላድካ ከም እዚ ዓይነት ሓሳባት ከም ዘለዎ እንተ ኣስተውዒልካሉ፡ ኮሶ ወይ ካልእ መጻወቲ ገዚእኻ ምስ ጐረባብቱ ወይ ደቂ ገዛውቱ ከም ዝጻወት ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።

ሓንሳእ ምስ መዛንኡ ምስ ኣተኣሳሰርካዮ ወይ ምስ ኣራኸብካዮ፡ ንጸባሒቱ ወዮ ቈልዓ ኣተሓሳስባኡ ቀይሩ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። “ኣነ እንተ ደልየ እቢ ብዙሓት ዓርከመሓዙት ክጥሪ እኽእል እየ።” ዝብል ሓሳባት እዩ ዘማዕብል። ጸላኢኡ ሓሳቡ እምበር፡ እቶም መዛንኡ ከም ዘይኮኑ ይስቁሮ።

> *“ተግባር እምበር ሓሳባት ንፍርሒ ኣየወግዶን እዩ።” -* ***ክሌመንት ስቶን***
>
> *“ንመጥቃዕቲ ዘለቔ ሓሳባት ክዕወር ዝኽእል ጸገም ኩቶ የለን።” -* ***ቮልቴር***

**ይቕጽል**

(7ይ ክፋል)

# ስርሒት ፈንቅል

## “ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ምሉእ ሓርነት ዘርሓወ፡ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ፡ መስተንክር ጅግንነታዊ ፍጻመ እዩ።”

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ቀቅደሚ ስርሒት ፈንቅል ዝነበረ ኩነታት፡ ዓቕሚ ወገንን ጸላኢን ዘጸጸር ኣሃዛት፡ ከምኡ'ውን ስርሒት ፈንቅል ንምትግባር ዝተሳእለ ውጥን ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራብ፡ ክሳብ'ቲ ህዝባዊ ሰራዊት ንዝበዝሕ ክፋል ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ዝተቖጻጸረሉ ውዕሎ ቀዳሞት ሰለስተ መዓልታት ብሰፊሑ ገሊጽና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፡*

**ራብዓይ መዓልቲ - 11 ለካቲት 1990**

ካብ 8 ክሳብ 10 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ሰለስተ መዓልታት፡ እተን ካብ ደንጎሎ ላዕላይ ክሳብ ኣጻድፍ ሰሜናዊ ባሕሪ ዝዘርጋሕ ቦታታት ዝተቖጻጸራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ምስቲ ጸላኢ ንባጽዕ ንምድሓን ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ብቐልጡፍ ዘንቀሳቐሶ ገዚፍ ሓይሊ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ምፍንጣስ ተደጋጋሚ ፈተነታት ንምምካት፡ ኣብ ከቢድ ምርብራብ ክጽመዳ እንክለዋ፡ ምጽዋዕ ንምቁጽጻር ዝተመደባ ኣሃዱታት ድማ ውሽጢ ከተማ ብምእታው ንገርገሱም፡ ፎርቶ፡ ኣማተረ፡ ሳሊና፡ ግራር፡ ዕዳጋ ኣጂፕን ስለ ዝሓዛ፡ ካብ ኩሉ ዕርድታቱ ተኾብኲቡ ናብታ ከተማ ዝኣተወ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ናቫልብዬዝን ጥዋለትን'ዩ ተኣጒሩ ሓዲሩ።

ንጽባሒቱ 11 ለካቲት፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ወጋሕታ፡ ናቫልብዬዝ ንምቁጽጻር ብመኻናይዝድ ኣጽዋራት ዝተደገፈ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ከፈተ። ኣብ ናቫልብዬዝ ተኣጒሩ ዝሓደረ ሰራዊት ጸላኢ ከኣ፡ እቲ ውግእ ናይ ሞትን ሕየትን ስለ ዝኾነ፡ ኣትሪሩ ክዋጋእ ወዓለ። ኣብዚ ደማዊ ውግእ'ዚ ኣባላት ሓይሊ-ባሕሪ ኢትዮጵያ እውን ነቲ ቀንዲ መደበርም ዝኾነ ናቫልብዬዝ ንምክልኻል ምስቲ ኣጋር ሰራዊት ተደሪቦም ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ግን ሰራዊት ጸላኢ ተሳዒሩ፡ ህዝባዊ ሰራዊት መሬት ቀድሚ ምጽልማቱ ንብምሉኡ ናቫልብዬዝ ኣጽርዩ ተቖጻጸሮ። ኣብዚ ውግእ'ዚ ክልተ ጀነራላት ዝርከብዎም ልዕሊ 1000 ወተሃደራት ኢትዮጵያ ተማረኹ። መራኽብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ድማ ካብ ከባቢ ምጽዋዕ ንደሴት ዳህላክ ሃደማ።

ኣብቲ ካብ ሸሞንተ ለካቲት ጀሚሩ ዝተኻየደ ውግእ፡ እቲ ውልዶ ሓይሊ-ባሕሪ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብ ማርሳ ኢብራሂም እናተበገሰ፡ ኣብ ወደብ ምጽዋዕን ከባቢኣን ንዝነበራ መራኽብ ውግእ ኢትዮጵያ ብፈጣናት ጀላቡ ብምጥቃዕ፡ እተን መራኽብ ረጊአን ነቲ ኣብ መሬት ዝዋጋእ ዝነበረ ሰራዊተን ደገፍ ከየበርክታ ዓብይ ተራ'ዩ ተጻዊቱ። ብመራኽብ ካብ ዓሰብ ክመጽእ ዝኽእል ረዳት ንምጥቃዕ እውን ኣብ ቀጻሊ ምክትታል ነበረ። ናቫልብዬዝ ድሕሪ ምትሓዙ ድማ፡ ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ሰራዊት፡ መጠለሊኡ ናቫልብዬዝ ገይሩ፡ እተን ንደሴት ዳህላክ ዝሃደማ መራኽብ ተመሊሰን ከጥቅዓ ከይፍትና ኣብ ምክትታል ኣተወ።

ብወተሃደራዊ መዳይ፡ ውግእ ምጽዋዕ ምስ ምትሓዝ ወተሃደራዊ መዓስከር ናቫልብዬዝ ተወዲኡ'ዩ ነይሩ። ዓሻስ ክሳብ ገቦ ዝውዳእ ይጸወት ከም ዝበሃል ግን፡ ኣብ ጥዋለት ተሪፉ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ፡ ኣብ ከባቢ እንዳ በረድ ረሻሻትን ጸረ-ታንክ ሚሳይላትን ሰዐ፡

ብስጋለት ቀጣን ክመጽኦ ዝኽእል መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ንምክልኻል ተሰሊፉ። ካብ ዕዳጋን ካልእ ከባቢታትን ሃዲሞም ንጥዋለትን ውሽጢ ባጽዕን ዝኣተወ ብዙሕ ህዝቢ ስለ ዝነበረ ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ከበድቲ መዳፍዓት ክጥቀም ኣጸጋሚ ኮነ። ብሓጺሩ ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ንሰላማዊ ህዝቢ ድፋዕ ገይሮም ክዋግኡ እዮም ወሲኖም ነይሮም።

ኣብዚ ናይ ዕለት 11 ውዕሎ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ጉደኒ ጉደኒ'ቲ ናቫልብዬዝ ንምቁጽጻር ዝኸፈቶ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ኣስታት 900 ሜትር ዝነውሓቱ ደንደል ስጋለት ቀጣን ብውሁድ ናይ ታንክታትን ኣጋርን ምንቅስቓስ ንምስጋር መደብ ኣውጺኡ፡ ክልተ ግዜ ቀድሚ ቐትሪ ሓንሳብ ድማ ድሕሪ ቀትሪ ሓያል ፈተነ ኣካይዱ'ኳ እንተ ነበረ፡ ኣይሰለጦን። ኣብዚ ውግእ'ዚ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ቀድሚ ቐትሪ ክልተ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ድማ ክልተ ብድምር 4 ታንክታት፡ ስጋለት ቀጣን ሰጊረን እንዳ በረድ ክበጽሓ እንክለዋ ተቓጺለን። ምስተን ታንክታት ተወሳሲዶም፡ ስጋለት ንምስጋር ዝፈተኑ ኣጋር ተጋደልቲ እውን ጸላኢ ንስጋለት ቀጣን ኩሉ ኣጽዋሩ ኣጸዊዱ ስለ ዝለኮታ ክሰግሩዋ ኣይከኣሉን።

ኣብዚ ናይ 11 ለካቲት ግጥማት፡ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ መጥቃዕቲ'ዚ ክበርዕዋ ብምኽኣሉ ብማለቱ ፍናን ረኸቡ፡ ናይ ኣስመራን ኣዲስ-ኣበባን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ድማ ነኺሱ ክዋጋእ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከኣ ብማስመር ኣስመራን ብባሕርን ረዳት ክመጽእ ምዃኑ ተመባጺዖሉ።

ኣብዚ ዕለት'ዚ ጸላኢ፡ ካብ ግንባር ከረን ንምጽዋዕ ሰራዊትን ኣጽዋርን ከየንቀሳቕስ ጸቕጢ ንምፍጣር፡ ኣብ ሮራ መንሳዕ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዘካየዳኦ መጥቃዕቲ ነይሩ እዩ። በዚ መጥቃዕቲ'ዚ ጸላኢ ካብ ገለ ዕርድታቱ ስለ ዝተደፍአ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካብ ግንባር ከረን ብብዝሒ ሰራዊት ዝስሕብ ዝነበረ

እኳ እንተ ፈተነ፡ ጸላኢ ብብዝሒ ሰብን ኣጽዋርን ጽብልልትነት ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ብምንባሩ እውን ብልጫታት ስለ ዝነበሮ፡ ንህዝባዊ ሰራዊት ባህርያዊ ዕንቅፋት ናይቲ ቀጻሊ ዝነርም ዝነበረ ዝናብ ባሕርን ግመን ተወሲኹዎ ሸቶታቱ ክወቅዕ ኣየኽኣሎን። ይኹን'ምበር ጸላኢ ዘካይዶ ዝነበረ ተደጋጋሚ ናይ ምፍንጣስ መጥቃዕትታት ተሪሩ ብምምካት፡ ብሓያል ጽንዓት ኣቐዲሙ ዝተቖጻጸሮ ቦታታት ክዕቅብ ከኣለ። ጸላኢ ካብ ግንባር ከረንን ካልእ ከባቢታት ኤርትራን ናብ ግንባር ጊንዳዕ ብብዝሒ ሓይሊ ይድርብ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ግንባር ከረን ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት እውን በብቑሩብ ናብዚ ማእከል ስሕበት ውግእ ፈንቅል ዝኾነ ግንባር ጊንዳዕ በብቑሩብ ተወሰኻ።

ካብ 13 ክሳብ 15 ለካቲት ኣብ ዝነበረ መዓልታት እምብኣር ዝበርትዐ ኣዝዩ መሪርን ደማዊን ኩናት ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ይካየድ ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት፡ ጸላኢ ዝነበሮ ሰራዊትን ኣጽዋራትን ኣኽቲቱ ብሸነኽ ደንጎሎን የማን ካብ ደንጎሎ ክሳብ ሰሜናዊ ባሕሪ ኣብ ዝዘርጋሕ ሩባታትን ኣጻድፍን ፈንጢሱ ናብ ጎላጉል ንምውራድ፡ ብዕሙት ውግእ ተደጋጋሚ ፈተነታት ከካይድ እንክሎ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብወገኑ፡ መጥቃዕትታት ጸላኢ ተሪሩ እናመከተ፡ ብጸረ-መጥቃዕቲ ስትራተጂያዊ ቦታታት ንምቁጽጻርን ብዙሕ ማዕዋእቲ ዝሓተተ ፈተነታት የካይድ

ህይወቱ ንኸየጥፍእ ብሰላም ኣዱ ክህብ፡ ብመጉልሕ ደምጺ ከምኡ'ውን ብምሩኻት ወተሃደራት መልእኽቲ ሰደደሉ። ይኹን'ምበር፡ ኣብኡ ዝነበረ ላዕለዋይ ኣዛዚ ኣብ መብጽዓ ላዕለዎት ሓለፍቱ እምነት ብምሕዳር፡ ረዳት ሰራዊት ክመጽእ ትጽቢት ስለ ዝነበሮ፡ ኢዱ ከይሀብ ወሰነ።

ኣብ መወዳእታ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ዝኣክል መጸናናዕቲ ድሕሪ ምክያድ፡ ብ15 ለካቲት ምሸት፡ ነቲ ውግእ ኣብ መፈጸምታኡ ንምብጻሕ መጥቃዕቲ ከፈተ። ናይ መጨረሽታ ወጥን መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ጸላኢ ፈጺሙ ብዘይተጸበዮ ኣንፈት ነበረ። ኣዘዝቲ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ፈለማ ሰራዊት ጸላኢ ዓሪዱሉ ኣብ ዝነበረ ዝተመርጸ ከባቢታት፡ ብኸበድቲ መዳፍዕን ታንክታትን ብርቱዕ ደብዳብ ከም ዝካየድ ድሕሪ ምግባር፡ ጉደኒ-ጉደኑ፡ ጸልማት ጉልብቦ ተጠቒሞም፡ ካብ ግራርን ናቫልብዬዝን ብፈጣናት ጀላቡ ሓደት ተጋደልቲ ብምስጋር፡ ኣብ ርእሲ-ምድሪን ወደብን መሬት ከም ዝኸርሱ ገበሩ። እዮም ቀዳሞት ዝሰገሩ ተጋደልቲ፡ መሬት ነኺሶም ብድሕሪት ተኸሲ ምስ ከፈቱ ድማ ፈጣናት ጀላቡ እናተመላለሳ ሰራዊት ከም ዘድርባሎም ተገብረ።

ልክዕ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ታንክታትን ኣጋር ሰራዊትን ብሓያል ደብዳብ ተሰንዮም፡ ስጋለት ቀጣን ሰጊሮም ጥዋለት ከም ዝኸርሱ ንምግባር ተወሳኺ ኣንፈት መጥቃዕቲ ተዳልዩ ነበረ።

ጸላኢ፡ ተወሳኺ ሰራዊት ንኸይሰሕብ ብማለቱ ጸቕጢ ክፈጥራ ከኣላ።

**ግጥማት 12-16 ለካቲት**

ስጋለት ቀጣን ንምስጋር ብ11 ለካቲት ድሕሪ ዝተኻየደ ተደጋጋሚ ዘይዕዉት ፈተነታት፡ ንጽባሒቱ 12 ለካቲት፡ ህዝባዊ ሰራዊት ዘካየዶ ንኣሽቱ ስልታዊ ምንቅስቓሳት ገዲፍካ ውግእ ብተዛማዲ ሃዲኡ'ዩ ወዒሉ። ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ግን ሓያል ውግእ ይቕጽል ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት መከላኸሊ መስመሩ ንምምሕያሽ፡ ኣብ ከባቢታት ጋሕቴላይን ዶንጎሎን መጥቃዕትታት

ነበረ። ይኹን'ምበር፡ በዚ ፈተነታት'ዚ ሰራዊት ጸላኢ ይኹን ህዝባዊ ሰራዊት ዘምጽኡዎ ናይ ኣተሓሕዛ ለውጢ ኣይነበረን።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ዕለታት፡ ኣዘዝቲ ህዝባዊ ሰራዊት ነቲ ኣብ ጥዋለትን ውሽጢ ባጽዕን ብኢሰብኣዊ መገዲ ንህዝቢ ጅሆ ሒዙ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ፡ ዘጥቅዕሉ መገዲ ኣብ ምብላሕ እዮም ነይሮም። ጉደኒ-ጉደኒ'ዚ ድማ እቲ ተኸቢቡ ዝተረፈ ሓደት ሰራዊት ጸላኢ፡ ህዝቢ ንኸይልክዎም፡ ንባዕሉ እውን ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ውግእ

ሰራዊት ጸላኢ ብድሕሪት ብዘይተጸበዮ ኣንፈት ተኸሲ ምስ ተኸፍቶ ዝርግርግ ስለ ዝኣተዎ ድማ፡ እቶም ብስጋለት ቀጣን ክሰግሩ ዝተመደቡ ተጋደልቲ ብዘይ ብዙሕ ጸገም፡ እንዳ በረድ በጺሖም ጥዋለት ተደቐደቑ። ብድሕሪ'ዚ ምሉእ ለይትን ክሳብ ንጽባሒቱ 16 ለካቲት ረፋድን ናይ ከተማ ውግእ ድሕሪ ምክያዱ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቶም ሰላማዊ ህዝቢ ጅሆ ሒዞም ኣብ ጥዋለትን ውሽጢ ባጽዕን ተኣጒሮም ዝቖዩ ወተሃደራት ኣምኪኑ፡ ንውሽጢ ባጽዕን ጥዋለትን ተቖጻጸሮ። እቲ ንህዝቢ ጅሆ ሒዙ ዝቖየ ጀነራል ድማ ኣብቲ ውግእ ሞተ።

ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ስርዓት ደርጊ ኣስታት 18,000 ሰብኣዊ ክሳራ ክወርዶ እንከሎ፡ ኣብ ብምሉኡ ጎላጉል ሰምሃር ተዘርጊሑ ዝነበረ ኣጽዋራቱ ድማ ብዘይካ ውሑድ ዝዓነወ ዝበዝሐ ተማረኸ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ስርሒት'ዚ ኣስታት 130 በበዓይነተን ታንክታት፡ 8 ቢ-ኤም 21 ወንጫፊ ሮኬት፡ ኣስታት 70 ከበድቲ መዳፍዕ (122፡ 85፡ 76 ሚ.ሜ) ኣስታት 100 ከበድቲ ረሻሻት (23፡ 37 ሚ.ሜ) ካልእ ብዙሕ ንብረትን ተተኳሲን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ኣእተወ።

**ይቕጽል**

**ምንጪ፦**
**ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ - 3 ‘ፈንቅል’**
**መጽሔታዊ ጽሑፍ ብሰለሙን በርሀ**



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ተመክሮ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ቃለ መሕትት ምስ ጀነራል ስቡሓት ኤፍሬም (1ይ ክፋል) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገለብ ደሓን |
| 14:25 | ካብ ሰዓት |
| 15:10 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:40 | መደብ ህርመት |
| 16:35 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕሶት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መደብ ህልቂት ወኪ ዳብ (ጥሪ 1975) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ቃለ መሕትት ምስ ጀነራል ስቡሓት ኤፍሬም (2ይ ክፋል) |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኣድእት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ – ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | Information Technology (IT) Officer |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Duration** | Indefinite. |
| **Reporting to:** | IT Supervisor |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | Provide maintenance of the computer desktop environment by analyzing requirements, resolving problems, installing hardware and software solutions, and supporting ZMSC staff in Asmara, camp, and accommodation. |
| **Duties:** | • Responsible for administration and internal support of the Company's PCs, printers, servers, scanners and related equipment.<br>• Tasks include end user support, license tracking, and performing PC maintenance, upgrades and configurations and other duties assigned by immediate supervisor.<br>• Installing and configuring computer hardware operating systems, applications, software, systems, networks, printers and scanners.<br>• Talking staff through a series of actions, either face to face or over the telephone, email, messengers to help set up systems or resolve issues.<br>• Troubleshooting system and network problems and diagnosing and solving hardware or software faults and responding to breakdowns.<br>• Replacing parts as required.<br>• Providing support, including procedural documentation and relevant reports.<br>• Following diagrams and written instructions to repair a fault or set up a system.<br>• Supporting the roll-out of new applications.<br>• Setting up new users' accounts and profiles and dealing with password issues.<br>• Working continuously on a task until completion (or referral to third parties, if appropriate).<br>• Prioritizing and managing many open cases at one time.<br>• Rapidly establishing a good working relationship with staff and other Professionals, e.g., software developers; ERP companies.<br>• Testing and evaluating new technology.<br>• Conducting electrical safety checks on computer equipment.<br>• Maintaining records of software licenses.<br>• Managing stocks of equipment, consumables, and other supplies.<br>• Responsible for other duties assigned by immediate supervisor.<br>• Advise/consult to his/her immediate supervisor. |
| **Knowledge & Skills Required:** | IT related technical diploma. |
| **Working Experience – Nature & Length** | +3 years in user support/Help desk at enterprise level. |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | |
| **Other skill & abilities** | Radio communication, Technical skills, Organizational skills, Interpersonal skills, Communication skills, Patience, A meticulous and methodical nature, A logical mind, Capable of working well under pressure, Enthusiasm to be continually learning. |
| **Key Performance Indicators:** | Willing to undertake tasks requested by management outside the job description should the need arise |

**Salary: according to Company's salary scale.**

Place of work: Zara Mining Share Company Koka Gold Mine
Zoba Gash Braka
Sub-Zoba Sala

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Having finished registration and duty performing for the National Army and present the release paper or registration card issued by National Army. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate from Hospital. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Address: **Applications should be submitted to HR and Admin Office/site.**

| | | |
|---|---|---|
| Checked By | Title: HR Manager | Signature: |
| Approved by: | Title: General Manager | Signature: |
| Date:31st December 2024 | Deadline for application: 05 days from the day of announcement. | |

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

**ASMARA MINING SHARE COMPANY**
**Abo Street, No. 178, House No. 16**
**Gejeret, P.O. Box 10688**

**Tel. ++291-1-153986**
**Asmara, Eritrea**

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Warehouse Supervisor**
**Number required – (02)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- This role focuses on maintaining inventory accuracy, enforcing safety protocols, and implementing process improvements to enhance operational efficiency.
- Assist Finance and Admin Manager in driving value through cost effectiveness and efficiency

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Ensure good safety practices in all warehouse areas.
- Manage and coordinate the receipt, storage, and issue of goods
- Supervise and train warehouse staff to ensure productivity and efficiency
- Implement and enforce safety procedures and standards
- Conduct regular inventory management and maintain accurate records
- Coordinate with other departments to ensure smooth operations
- Manage and maintain warehouse equipment and facilities
- Analyze and optimize warehouse operations to improve efficiency and reduce costs
- Ensure compliance with company policies, industry regulations, and legal requirements

**Profile: Qualifications and Experience**

**Formal Education, Certifications or Equivalents**

- Degree in Business or Warehousing Management
- Good Systems and Microsoft tools knowledge

Working Experience – Nature & Length

- 5 years Warehouse experience
- Knowledge of Mining, Business & Commercial acumen

**Technical Skills**

- Minimum 2 years' Supervisory experience, foreman or equivalent role
- General understanding of mining inventory control and warehousing.

**Behavioral Skills**

- Communication (English & local language)
- Results oriented
- Ability to work toward strict deadlines
- Assertiveness
- Strong Interpersonal skills
- Discretion
- Integrity
- Self-discipline
- Ability to work in multi-disciplinary environment
- Risk management & assessment

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary**: As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Applicants Should Attach Authenticated Educational Documents.
- Applicants Should provide letter of service from former employers.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Non-Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ት ልዋም ኪዳነ ሃይለሚካኤል ምባል ተሪፉ፣ ልዋም ኪዳነ ተኽስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ይከኣሎ ኣብርሃም ተኽለ +2፡ ኣደይ ግደይ እምባዩ ተላ ስለዝዋረደት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ለምለም ንገሰ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፣ ራህዋ ንገሰ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ንግስቲ ኣምሓርም ግርማይ፡ ብዓል ቤተይ ሞኮነን ሓጎስ ብርሃ ስለዝተሰውኦ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

1.ሓሰን ኢብራሂም ኣለሽ ምባል ተሪፉ፣ ሓሰን ሳልሕ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ 2.ሐሴን ኢብራሂም ኣለሽ ምባል ተሪፉ፣ ሐሴን ሳልሕ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ 3.ዓሻ ኢብራሂም ኣለሽ ምባል ተሪፉ፣ ዓሻ ሳልሕ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሄኖክ ኣብርሃም ኣስፍሃ ምባል ተሪፉ፣ ሄኖክ ርእሶም ገዘሀይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1.የውሃንስ መሓመድ ኢብራሂም ራኪ ምባል ተሪፉ፣ የውሃንስ ኣንዱ ሚገ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ 2.ራህዋ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፣ ራህዋ ኣንዱ ሚገ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ ተመስገን ሽመንዲ፡ ኣደይ ኣመተ ኣስመላሽ ኪዳነ ስለዝዋረደት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ፕሪንተራትን ፎቶ - ኮፕየራትን
ኣሃዱ፦ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ክልተ ዓመታዊ ውዕል ምጽጋን ፕሪንተራትን ፎቶኮፕየራትን ንምክያድ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ካብ -1/መጋቢት/2025 ክሳብ 31 ታሕሳስ 4/2/25 ዝለዋኦ ፕሪንተራትን ፎቶ-ኮፕየራትን ጽገና ክካየድ፡ ብቑዓት ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጽገና፡ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መሳርሒታት ጽገና ዘካይዱ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሴራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ኣብ መበል 20 መዓልቲ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይከውን፡ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪሎቲ ሱ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ይኽፈት፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20.000 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብCPO ኣተሓሒዞም የቕርቡ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝፈቕዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተጫረቲ ኣብ ዝተዓወተሉ ጽገና ባዕሉ ወይ ብወኪሉ ክኢላታት ጥራይ ጽገና ከካይድ ይፍቀደሉ፡፡
10. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ምፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ምፍሒ
ቁ.ሳ.ፖስታ 344 ኣስመራ

## Eritrea

Request for Expressions of Interest (REOI) for Training and Certification
Dekemhare 30 MW Solar PV Project
Government of the State of Eritrea

Sector: Energy
Project Code: P-ER-FA0-001

The Government of State of Eritrea has received financing from the African Development Fund (ADF) towards the cost of the Dekemhare 30 MW Solar PV Project and intends to apply part of the proceeds of the grant to payments under the contract for 'Technical Training and Certification'.

This Technical Training and Certification under this contract will be given to the Ministry of Energy and Mines (MoEM) staff. This contract will include the following but not limited to:

1. Technical Training and Certification that will enable MoEM staff to conduct renewable energy resource assessment in the areas of:
   a. Solar Energy
   b. Wind Energy
   c. Geothermal Energy
2. Prefeasibility and feasibility studies of Renewable Energy Projects
3. Training and certification in
   a. Design, Installation, Commissioning, contract, and construction management of large-scale renewable projects (grater than 10 MW)
   b. Supervision of construction of renewable and thermal energy projects.
   c. Testing and commissioning of renewable and thermal power plants.
4. Training and certification in the areas Of
   a. Development of BESS and solar power plant,
   b. Substation and protection systems,
   c. Grid integration of Renewable Energy,
   d. SCADA systems
   e. Training to enable staff to conduct Grid impact study.
   f. Operations and front-line maintenance of BESS and PV solar power plants,
   g. Planning, design, efficiency improvement of power plants.
   h. Power system analysis, grid modernization, power quality, data analysis and visualization, power system protection system coordination.
   i. Financial, legal, operational, and environmental aspects renewable energy plants.
5. Evaluation of trainees to confirm and assure their technical skill competence.


It is expected that this contract will take 12 months. Physical presence of the training firm in Eritrea is required.

The Project Executing Agency (Ministry of Energy and Mines (MoEM)) now invites eligible training Firms to indicate their interest in providing these trainings. Interested training Firms must provide information indicating that they are qualified to perform the services (brochures, description of similar assignments, experience in similar conditions, availability of appropriate skills among staff, etc.). training Firms may constitute joint - ventures to enhance their chances of qualification and the inclusion of local content is encouraged.

Eligibility criteria, establishment of the shortlist and the selection procedure shall be in accordance with the African Development Bank's Procurement Policy for Bank Group Funded Operations, dated October 2015, which is available on the Bank's website at www.afdb.org. The Ministry is under no obligation to shortlist any firm who expresses interest. Interested Training firms may obtain further information at the address below from 08:00 - 12:00 and 14:00 - 17:00 hours during working days.

Expressions of interest should be sent Electronically to the addresses below through email or delivered to the address below by March 11, 2025 at 10.00 hrs. local time and mention: "Technical Training and Certification".

Ministry of Energy and Mines (MoEM)
Department of Energy
Attention:
Name: Tefferi Abraha
Director, Energy Resources Development Project Manager
Address Street; Denden Street, No. 176
Postal Address: 5285
Postal Code: 174
Tel: 2911125972 Mobile: 2917175327
E-mail: tefferiab.pce@gmail.com



# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ተዛዚሙ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ ኮንፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ CAF ብምትሕብባር ክሀቦ ዝጸንሐ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ልቸንሳ 'ሲ' ዛዚሙ።

እቲ ብኣፍልጦ ናይ ካፍ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ሓሙሽተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 29 ኣሰልጠንቲ ኩዕሶ እግሪ እዩ ተዋሂቡ። ኣብ ሰለስተ እብረ ናይ መምሃሪ መስርሕ ተኸፋፊሉ ድማ 21 መዓልታት ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ተሰኒዩ ተኻዪዱ። ዝተዋህበ ስልጠና ቡብደረጅኡ ዝሓለወ ክኸውን እንከሎ፡ ብቐንዱ ኣተኩሮ ዝተዋህቦ ኣርእስትታት ድማ፡ ምስ ሓደሻ ኣገባብ ጸወታ ኩዕሶ ተተሓሒዙ ዝተዋህበ እዩ። ኣገባብ ልምምድ ብስሩዕን ብዕቱብትን ምክትታል፡ ስነ-ኣእምሮ ስፖርት፡ ንተጻወትቲ ምምእዛዝ፡ ሜላ ኣጻዋውታ፡ ምሕደራን መሪሕነትን፡ ኣመራርሓን ርክብ ምስ ተጻወትቲ፡ ተሳታፍነት ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ኣብ ሕብረተሰብ ኣርኣያን ጸላውን ምዃን፡ ምሕደራ ግዜ ኣብ ጸወታ፡ ንተጻወትቲ ሓጺርን ንዉሕን መምርሒ ምሃብ፡ ስነ ምግቢ፡ ሕጊ ዳንነትን ጸባቕ ጸወታን ብመንጽር ተኽቲልካ ታክቲካውን ኣጻዋውታ፡ ብሓፈሻ ጋንታ ኣብ ምእላይን ምጽዋትን ናይ ሓብር ስራሕን ካልእን ኣብ ዝብል ብዕምቆት መግለጺ ተዋሂቡ።

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ምስ ካፍ ብዝኣተዎ ስምምዕ መሰረት ኩሉ ዝወሃብ ስልጠና ብመማዚ ብቖዓት ዝተማእከለ ኮይኑ፡ ነቲ ስልጠና ብካፍ ኣፍልጦ ዝተዋህቦም መማህራን/ኢንስትራክተራት ኣቶ ዳንኤል የማነ፡ ኣቶ እስጢፋኖስ ኣሰፋው፡ ኣቶ



ኣለምሰገድ ኤፍሬምን ኣቶ ሙሉጌታ ጉብረን እዮም።

ኣብቲ ሓለፍቲ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባታት ዝተረኽቡሉ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ኣብ ዘሰመዖ መዕጸዊ ቃል፡ ዝተዋህበ ስልጠና ብመንጽር ዝረኸብዎ ዕድል ኣገዳስነቱን ክብደቱን ተገንዚቦም ብዕቱብ ክሰርሑሉ፡ ፍልጠቶም ናብ ብጉዛበራዊ ስራሕ ለዊጦም ኣብ ዝጥፍኡ ዓውዲ ብሓላፍነት ክዕጸሉን ንዕበየትን ለውጥን ኩዕሶ እግሪ ብዘለዓለ ኣገባብ ክዋስኡን መዘኻኸሪ ኣቕሪቡ።

ወከልቲ ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ዝረኸብዎ ዕድል ብምምስጋን፡ ዝተዋህበ ስልጠና ንዘጸንሖም ናይ ምስልጣን ተሞክሮ ብፍልጠት ደሪዖም ኣብ ባይታ ክትርጉምዎ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝነበሩሉ ከባቢን ዞባን ሞያ ምስልጣን ሓላፍነት ከም ዘለዎም ተገንዚቦም ክሰርሑ ምዃኖም ገሊጾም።

ሰልጠንቲ ኣብ ግዜ ስልጠና ብመሰረት ዝተሓበርዎም ምስ ኩዕሶ እግሪ ዝተሓሓዘ ምድላው መጽናዕታዊ ሰነድን ጽብጻብን ኣብ መዛዘሚ ናብ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣረኪቦም።

## ሃገራዊ ውድድር ባይታ ቴንስ ትሕቲ ዕድመ ተዛዚሙ

ብሃገራዊ ፈደረሽን ባይታ ቴኒስ ኤርትራ ዝተዳለወ፡ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝተሳተፍኦ፡ ካብ ዕለት 02 ለካቲት ክሳብ 09 ለካቲት ንሰሙን መመላእታ ዝቐጸለ ውድድር፡ ኣብ ሜዳ ቤት-ገርግሽ ተዛዚሙ።

ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ካብ ዝሓለፈ እዋን ፍሉይ ዝገብሮ፡ ዞባታት ኣብ ክንዲ ተሳተፍቲ ጥራይ ምዃኑ፡ ዘለወን ዓቕምን ብቐዓትን ኣሐዩለን፡ ዝያዳ ተወዳደርቲ ዝኸናሉ ኣጋጣሚ ብምንባሩ እዩ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ጸወታታት ብደረጃ ክሊ-ዕድመ ንዝረኸብኦ ወጽኢት፡ ፈለማ ኣብ ናይ ትሕቲ 12 ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ሳሙኤል ኤሰርም ካብ ዞባ ማእከል ክዕወት እንከሎ፡ ሚካኤል ሕሳቡ ካብ ሰ/ቀ/ባ



ንናታን ኣንጊሶም ካብ ዞባ ማእከል ኣኸቲሉ ካልኣይን ሳልሳይን ተርታ ሐዞም። ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 12 ዓመት ሰዒበን ውድድረን ኣካይደን። ኣብቲ ግጥም፡ ከንኣን ሙሴ ካብ ዞባ ማእከል ንመጋጥምታ በሊጻ ቀዳመይቲ ክትከውን ከላ፡ በልሃ ግርማይ ካብ ደቡብ ድማ ንዲናር እንድርያስ ካብ ዞባ ማእከል ኣኸቲላ ናይ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሐዘን። ዝተዓለወሎም ሽልማት ከኣ ካብ ኣቦ መንበር ፈደረሽን ባይታ ተኒስ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣወልከር ተዓዲለሞም።

ድሕሪዚ፡ ናይ ትሕቲ 14 ዓመት ናይ ደቂ ተባዕትዮ ግጥሚት'ዩ ቀጺሉ። ኬሸን ዑቕባይ ካብ ዞባ ማእከል ቀዳማይ ኮይኑ ክምርሕ እንከሎ፡ መርሃዊ ደበሳይ ካብ ደቡብ ካልኣይ፡ ክብሮም ማሕራይ ካብ ሰ/ቀ/ባ ድማ ሳልሳይ ደረጃ ሐዞም። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ መሮና ቴድሮስ ካብ ዞባ ማእከል ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘት ኮይና፡ ሳምራዊት መልኣከ ድማ ንሚላዊት ተ/ልደት ኣኸቲላ (ክልቲኤን ካብ ዓንሰባ) ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሐዘን ዛዚመን። ኣቦ መንበር ፈደረሽን ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል ካፕተን ሳሙኤል ኣፈወርቂ ንዕወታት ሽልማት ዓዲሉ። ኣብዚ ውድድር፡ ዞባ ማእከል ብድምር ወጽኢት ቀዳመይቲ ኮይና ዛዚማ።

## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ይቕጽል

ሰሉስ ዝተኻየደ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንምድብ 'ሀ' ጋንታታት እዩ ኣራኺቡ። ኣብ መኽፈቲ ጸወታ ሰለስተ ነጥቢ ዝረኸበት ደንደን ምስ'ታ ኣቕዲማ ብኢንሹራንስ ዝተሳዕረት ሓይሊ ኣየር



ተራኺባ። ምኩራት ተጻወትቲ ዝሓቘፈት ደንደን፡ ጸወታ ካብ ዝፈለመሉ ግዜ ኣትሒዛ ዓብላሊት ኮይና ቀሪባ። ከም ወጽኢቱ ድማ ክልተ ደቒቕ ኣብ ዘይመልኣ ብመገዲ ሄርሞን እዮብ ሽቶ ኣቝጺራ። ሓይሊ ኣየር ዝተመዝገባ ሽቶ ክተሕውይ ናብ ልዓት መጋጥምታ እኳ እንተተጸገዐት፡ ሽቶ ክተመዝግብ ግና ኣይከኣለትን። ብኣንጻሩ፡ ደንደን ኣብ ምጥቃዕ ዘድሃበ ጸወታ ብምኽያድ ሽቶታት ወሲኻ፡ ካብ ፍትሓዊት የማነ፡ ምሰጋና መሓሪ፡ ፍቓዱ ጉዳሙ ብዝረኸበተን ሰለስተ ሽቶታት ከኣ ንዕረፍቲ 4ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ጸወታ፡ ምክልኻል ናይ ሓይሊ ኣየር ደልዲሉ እኳ እንተቐረበ፡ ምልክት ጸወታ ዘውንና ደንደን ግን ሓሙሽተ ደቒቕ እየን ተጸብየን። ኣብ መበል 50 ደቒቕ ካብ ምሰጋና መሓሪ፡ ኣብ መበል 75 ደቒቕ ካብ ፍትሓዊት የማነ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቓይቕ ከኣ ካብታ ጸቡቕ ጸወታ ክተርኢ ዝወዓለት ምሰጋና መሓሪ ሽቶታት ብምውሳኽ 7ብ0 ተዓዊታ። ሰለስተ ሽቶታት ዘመዝገበት ምሰጋና መሓሪ ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ። ድሕሪ'ቲ ግጥም ኣሰልጣኒ ክለብ ደንደን - ሪዘ "ኣብ ምጥቃዕ ዘድሃበ ስልቲ ኢና መሪጽና፡ ከም ዝመደብናዮ ድማ ሽቶና ክንወቅዕ ክኢልና። ዝመጽእ መዛዘሚ ጸወታ ድማ ከም'ቲ ልሙድ ክንዕወተሉ ኢና።" ኢሉ።

ሰዒቡ ዝተጻወታ ከብርያ ሰገን ምስ ኢንሹራንስ እየን። ብሉጽ ምንቅስቓስ ዝዓብለሎ ጸወታ እኳ እንተ ኣርኣያ፡ ንዕረፍቲ ብዘይ ሽቶ እየን ኣምሪሐን። ኣብ ዝሰዓበ ካልኣይ እብረ፡ ማስመር መጥቃዕታ ዘይልደለት ሰገን ናብ ልዓት ኢንሹራንስ ኣብ ዝጽግዖትሉ፡ ተጻዋቲት ኢንሹራንስ ኣብ ልዓታ ኩዕሶ ብኢዳ ብምትንካፉ፡ ዳኛ ፍጹም ቅላዕ ኣዚዙ። ፍዮና ገርግሽ ሓላፍነት ዝወሰደትላ ፍጹም ቅላዕ፡ ተቐይራ ብዝኣተወት ሓላዊት ልዓት ሉልያ ኣስመሮም ድሒና። እቲ ግጥም ገዛጽ ዝበዝሖ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ኢንሹራንስ ግዳይ ብዮጫ ካርድ ክትከውን እንከላ፡ ኣብል'ታ ጋንታ ማርታ ተወልደ ብኸልተ ብዮጫ ብቀይሕ ካብ ሜዳ ተባሪራ። ብጎደሎ ዝቐጸለት ኢንሹራንስ ሃንፋታ ንምምላእ እኳ እንተጸዓረት፡ ንመጥቃዕቲ ከብርያ ሰገን ግን ክትዓግቶ ኣይከኣለትን። ከብርያ ሰገን ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ብመገዲ ሓጀር በሽር ዘመዝገበታ ሽቶ ከኣ ክትዕወት ክኢላ። ብልጽቲ ተጻዋቲት፡ የርዳኖስ ፍስሃ ካብ ጋንታ ሰገን ተሰምያ። ድሕሪ ጸወታ ኣሰልጣኒ ሰገን - ፊልሞን ወልደሚካኤል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ሓያል ጸወታ ከም ዝኸውን ግምት ነይሩና፡ ጋንታና ወፊናቶ ብዙሓ ጸቡቕ ቁመና ከኣ ንዓወት በቒዕና።" ኢሉ።

## "ባሎን ድ'ኦር 2023 ንሮድሪ እያ ትግባእ ነይራ።" ካርሎ ኣንቸሎቲ

ኣሰልጣኒ ክለብ ርያል ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ኣብ ዓመት 2023 ዝተዋህበት ሽልማት ባሎን ድ'ኦር፡ ንሊዮኔል ሜሲ ዘይኮነስ ንሮድሪ ሄርናንደዝ እያ ትግባእ ነይራ ኢሉ።



ኣንቸሎቲ፡ ነታ ብኣጥቃዓይ ክለብ ማንሲቲ ሮድሪ ዝተሳዕለት ጽዋእ ባሎን ድ'ኦር 2024 እውን፡ ኣጥቃዓይ ክለብ ርያል ማድሪድ ቪንሸየስ ጁንየር ክዕወተላ ትጽቢት ገይሩ ከምዝነበረ ይዝረብ። ነዚ ኣመልኪቱ ኣንቸሎቲ፡ "ቪንሸየስ ክዕወት እዩ ነይሩ ምንጽኣትና። እዚ ማለት ግን ሮድሪ ኣይግብኦን ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣዝዩ ብሉጽ ተጻዋታይ'ዩ። ከምዝመስለኒ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት (2023) ሽልማት ባሎን ድ'ኦር ካብ ሜሲ ሮድሪ ክዕወት ነይሩዎ።" ኢሉ።

## ፖል ስኮልስ፡ ብዛዕባ ኢሳቕን ማን.ዩናይትድን . . .

እንግሊዛዊ ናይ ማእከል ኣከፋፋሊ ክለብ ማን.ዩናይትድ ነበር ፖል ስኮልስ፡ ብጉዳይ መስርሕ ምስግጋር ኢሳቕን ህሉው ኩነታት ክለብ ማን.ዩናይትድን ርእይቶ ሂቡ።

እዩ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝነበረ መስርሕ ምስግጋር እውን ክትዕድጎ ፈቲና፡ ብመሰረት ጠለብ ኒውካስል ግን 100 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍል ብዘይ ምኽኣላ እቲ መስርሕ ኣይተዓወተን። ይኹን'ምበር፡ ኣርሰናል ሕጂውን ተስፋ ከይቆረጸት፡ ነዚ ኣብ 22 ጸወታታት 17 ሽቶታት ዘመዝገበ ኤርትራዊ-ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ መፋርቕ ወርሒ. ሰነ ኣብ ዝኽፈት መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ናብ መሳርዓ ክትጽንብሮ ባህጊ ከም ዘለዋ እዩ ዝነገር።




ፖል ስኮልስ ንህሉው ኩነታት ማን. ዩናይትድ ኣመልኪቱ ድማ፡ "ንዓመታ ናብ ድሕሪት ክይትምለስ ይፈርሃላ'የ። ኩሉ ዓይነት ሕጽረታት ዘለዋ ጋንታ እያ ኮይና ዘላ። ሊቨርፑል ከም ጋንታ ምልእቲ እያ ዘላ፡ ዩናይትድ ግን ብኣንጻሩ ሓላው ልዓት፡ ክልተ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ፡ ናይ ማእከል ኣከፋፈልቲ፡ ከምኡ'ውን ክልተ ኣጥቃዕቲ የድልዩዋ ኣለው። ብሕጽር ዝበለ ኣብ ዝመጽእ ክራማት መስርሕ ምስግጋር ሓሙሽተ ብሉጻት ተጻወትቲ እንተ ዘይ ኣፈሪማ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ንድሕሪት ከይትምለስ ስግኣት ክስምዓካ ግድን እዩ። ምኽንያቱ ኣሰልጣኒ ናይ'ዛ ክለብ፡ ብመንጽር'ዚ ዝምዝገብ ዘሎ ወጽኢት ክትዕዘቦ ከለኻ ዘቐስን ኣይኮነን።" ክብል ተዛሪቡ።

ፖል ስኮልስ፡ ኣብ ዩትዩብ ኣብ ዘቕረቦ ቃለ-መሕትት፡ ክልተ ነጥብታት ኣልዒሉ እዩ ተዛሪቡ። ብዛዕባ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ኣብ ዘለዎ ርእይቶ፡ "ኢሳቕ ናብ ኣርሰናል ዝኸይድ ኮይኑ ኣይስመዓንን። እኳ ደኣ ናብ ዓበይትን ዝበለጻን ጋንታታት ክኸይድ እዩ ዘለዎ። ንኣብነት፡ ከም ርያል ማድሪድን ሊቨርፑልን ዝኣመሰላ ክለባት ክንጠቅስ ንኽእል። እምበር ኣርሰናል'ሲ ኣብ መስርዕ ምዕዳግ ኢሳቕ፡ ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ እያ ትርከብ።" ኢሉ።

ብሚካኤል ኣርቴታ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ኣተኩሮ ተዋሂብዎም ዘሎ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ኣርሰናል ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ኣደነሀ ገይራትሉ ከምዝጸንሐት ዝፍለጥ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ትራምፕ፡ ዩክሬን ዝተቐበለቶ ሓገዝ ክትመልሶ ይጽውዕ

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዩክሬን ብመልክዕ ሓገዝ ካብ ኣመሪካ ዝተቐበለቶ ኣስታት 350 ቢልዮን ዶላር ብዝዘዋወሪ መንገዲ ክትመልሶ ይጽውዕ ኣሎ።

ዩክሬን እትውንኖም ብርቂ ዝኾኑ ማዕድናት ናብ ኣመሪካ ብምልኣኽ፡ ካብ ኣመሪካ ዝተቐበለቶ ዕዳ ሓገዝ ክትሕወዮ ከምእትኽእል ዝጠቐሰ ትራምፕ፡ እዚ ምስዝይከውን ግን ኣመሪካ ናብ ዩክሬን ዝኸዳ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትልእኽ ቅርብቲ ከምዘይኮነት ኣፍሊጡ።

ኣመሪካ ንዩክሬን ብቢልዮናት ዝቑጸሩ ዶላራት ከምዝፈሰሰትላ ዝሓበረ እቲ ፕረዚደንት፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ሃገሩ ለኣኺት ሓገዝ ጥራሕ ዘይኮነትሲ፡ ተቐባሊት'ውን ከምእትኸውን ኣስሚሩሉ።

ዩክሬን፡ ከም ቢርልዩም፡ ጋልዩም፡ ማንጋኒዝ፡ ጀርማንዩም፡ ዩራንዩም፡ ዘርኮንዩምን ግራፋይትን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ማዕድናት ከምእትውንን ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመረ ንደሓር ጥራይ፡ ሃገራት ምዕራብ ልዕሊ 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንዩክሬን ብመልክዕ ሓገዝ ከምዝሃብኣ'ውን እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።




## ደንማርካውያን፡ ንክፍለ-ሃገር ካሊፎርንያ ንምዕዳግ ጠለብ የቕርቡ



ልዕሊ 200 ሽሕ ዝኾኑ ደንማርካውያን ነታ ኣብ ኣመሪካ ሳልሰይቲ ዝዓበየት ክፍለሃገር ምዃና ዝንገረላ ካሊፎርንያ ብ3 ትሪልዮን ዶላር ንምዕዳግ ጠለብ ከምዘቕረቡ ይሕብር ኣሎ።

ንኣተም ነዚ ጠለብ ዘቕረቡ ዘለዉ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነታ ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ እትርከብ ደሴት ግሪንላንድ ካብ ደንማርክ ንምዕዳግ ድሌቱ ብተደጋጋሚ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ትራምፕ፡ እታ ኣስታት 56 ሽሕ ጥራይ ነበርቲ ዘለዋ ደሴት ንኣመሪካ ስትራተጂያዊ ረብሓ ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ንምውናና ከምዝጽዕር እዩ ደጋጊሙ ክሕብር ጸኒሑ።

በዚ ኸኣ፡ እቶም ደንማርካውያን፡ "ካሊፎርንያ'ውን ንደንማርክ ስትራተጂያዊ ረብሓ ኣለዋ" ብምባል፡ ኣብ ትሕቲ ሃገሮም ክትመሓደር ከምዝደልዩ ይገልጹ ኣለዉ።

ደንማርክ ንካሊፎርኒያ ክትውንን ዓቢ ባህጊ ከምዘለዋ ዝጠቐሱ እቶም ዜጋታት ብተወሳኺ፡ ነታ ክፍለሃገር ንምዕዳግ ካብ ወከፍ ደንማርካዊ ብውሕዱ 28 ሽሕ ዶላር ከዋጽኡ ከምዘለዎ ሓቢሮም።

ብደረጃ ዓለም፡ ብዕበየት ቁጠባ ኣብ ሓምሻይ ደረጃ እትስራዕ ካሊፎርንያ፡ ብፍርያት ሕርሻን ቀረብ ጸዓትን ካብ'ተን ቀዳሞት ግዝኣታት ኣመሪካ ምዃና ይጥቀስ።

ኣብ 2019 ንግሪንላንድ ንምዕዳግ ሓሳብ ኣቕሪቡ ዝነበረ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሕጂ'ውን ነታ ንሰሜን-ኣመሪካ ምስ ኤውሮጳ ብኣቋራጭ እተራኽብ ዓባይ ደሴት ልኡላዊ ግዝኣት ኣመሪካ ንምግባራ ከምዝጽዕር እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

## ኣመሪካ - ኣብ እታው ሓጺንን ኣለሚንዩምን ናይ 25% ወሰኽ ትገብር

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ እታው ሓጺንን ኣለሚንዩምን፡ ናይ 25 ሚእታዊት ወሰኽ ከምዝገበረ ሓቢሩ።

ትራምፕ፡ ዘቤታዊ ፍርያት ሓጺን ሃገሩ ክብ ንምባል ኑቲ ሰንምቲ ከምዝወሰዶ ብምሕባር፡ ካብ ዝመጽእ 4 መጋቢት ጀሚሩ ግብራዊ ክኸውን ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ካብቲ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ኣለሚንዩም፡ እቲ ልዕሊ 50 ሚእታዊት ናይ ካናዳ ክኸውን እንከሎ፡ ካብ እታው ሓጺን ድማ እቲ ዝዓበየ ናይ ሜክሲኮ ምዃኑ ይሕብር።

በዚ ኸኣ፡ ካናዳን ሜክሲኮን እተን ቀዳሞት በቲ ስጉምቲ ብኣሉታ ዝጽለዋ ሃገራት ከምዝኾና እዩ ዝንገር ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ካናዳን ሜክሲኮን ዘንበሮ ናይ 25 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ፡ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ተግባራዊ ከይኮነ ክጸንሕ ከምዝወሰነ ዝዝከር እዩ።

እንተኾነ፡ እዚ ሕጂ ተወሲኑ ዘሎ ወሰኽ ቀረጽ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ንኩለን ሃገራት ብማዕረ ከምዝምልከት እዩ ትራምፕ ዝገልጽ ዘሎ።

ካናዳን ሜክሲኮን፡ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ዝኣተወን ፍርያት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ብምውሳድ ሕነ ክፈድያ ምዃነን እየን ከጠንቅቃ ጸኒሐን።



## ሓማስ፡ ጅሆ ዝሓዞም እስራኤላውያን ናጻ ምልቃቕ ኣቋሪጹ

ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ጅሆ ሒዙዎም ዝሎ እስራኤላውያን ናጻ ናይ ምልቃቕ ውሳኔኡ ከምዘቋረጾ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎኡን እስራኤልን ዝተኸተመ ስምምዕ ክሳብ ዝመጽእ ቀዳም ነቶም ዝተረፉ ጅሆ ሒዙዎም ዘለዉ እስራኤላውያን ናጻ ክለቅቖም ዝጸበ ነይሩ።

እንተኾነ፡ "እስራኤል ንስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ብምጥሓሳ፡ ንስላማውያን ፍልስጤማውያን ምቕታል ኣየቋረጸትን። ከምኡ'ውን ናብቲ ወሽመጥ ሰብኣዊ ሓገዛት ከይኣቱ ከልኪላ" ብምባል፡ ነቶም ጅሆ ናይ ምፍታሕ መደብ ከምዘቋረጾ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ሓማስ ነዚ ወግዓዊ መግለጺ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ እስራኤላውያን ኣብ ጎደናታት ከተማ ቴል-ኣቪቭ ብምውጻእ፡ መንግስቲ እስራኤል ንስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክሕልዎ ወናኒት ከኽብርን ሰላማውያን ፍልስጤማውያን ምቕታል ከቋርጽን ይጽውዑ ኣለዉ።




ብወሳኒ ሓማስ ዝተቐጥዐ ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል ካንተዝ፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ሓድሽ ወተሃደራዊ ስርሒት ንምክያድ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሕ ትማሊ ሰሉስ ጸዊዑ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይቲ ስምምዕ፡ ሓማስ ካብ'ቶም ጅሆ ሒዙዎም ዝጸንሐ 33 እስራኤላውያን 16 ናጻ ከምዝለቐቐ እዩ ዝሕብር።

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ፡ ሓማስ ክሳብ ቀዳም ፍርቂ መዓልቲ ነቶም ጅሆ ሒዙዎም ዘሎ ዝተረፉ እስራኤላውያን ናጻ እንተዘይለቒቑ፡ ነቲ ዝተኸተመ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከምዝሰርዞ፡ ኣብ ልዕሊ ሓማስ ድማ ከቢድ ስጉምቲ ከምዝወስድን ኣጠንቂቑ ኣሎ።

## ተወሳኺ. . .

ኣብ ከተማ ቦነስኣይረስ - ኣርጀንቲና ዝርከብ መትረብ ሃንደበት ናብ ቀይሕ ሕብሪ ብምልዋጡ ኣብ ነበርቲ ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩ።

እቲ ዛጊት ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ምሉእ ብምሉእ ብቀይሕ ሕብሪ ዝተበረዘ ውሕጅ፡ ብርቱዕ ሕማቕ ሽታ ከምዝፈጠረ'ውን ይሕብር ኣሎ።

ጠንቂ ናይቲ ብኸላ ብዝጸሩ ንምፍላጥ፡ ካብቲ ውሕጅ ውሑድ ዓቐን ማይ ተወሲዱ ይምርመር ከምዘሎ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ማይን ኣከባብን እታ ሃገር፡ ኣብቲ መትረብ ብዝሞቱ ሂወታውያን ዝሰዓበ ክኸውን ከምዝኽእል ግምታቱ ሂቡ።

በቲ ዝተዓዘበዎ ፍሉይ ሕብሪ ናይቲ ውሕጅ ኣዝዮም ከምዝረዓዱ ዝሓበሩ ነበርቲ እቲ ከባቢ፡ ብወገኖም፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ፋብሪካታት ዓለባን ካልኦትን ብዘኾሓፍዎ ኬሚካላት ተበኪሉ ክኸውን ከምዝኽእል ሓቢሮም።

ብደረጃ ዓለም፡ ዓመታዊ ኣስታት 1.8 ሚልዮን ሂወታውያን ብበኪላ ማይ ከምዝሞቱ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣቤቶ | 12/02/25 | መጨረሽታ ፈርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣቤቶ | 07114040 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services